# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ. 191 | ቀዳም 11 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 "ስነ-ፍልጠታዊ ፈጣሪ"...



ገጽ 4 ልምዓት ሓምላይ መግቢ...



ገጽ 5 ግድን ድዩ ውጽኣት ክሓምም፧



ገጽ 9 ኲባያ ጸባ



ገጽ 11 ቶኒ፡ ንሊግ ስዑዲ ዓረብ...




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ንፍሉይ ልኡኽ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣዘራሪቡ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ ዓርቢ 10 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ድሕሪቐትሪ ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ ደንደን፡ ንፍሉይ ልኡኽ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ - ኣምባሳደር ሁ ቻንግቹን (Hu Chang-chun) ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኤርትራ ምስ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ብንጡፍ ጸምዶ ክትሰርሖ ዘለዋ ቀጻሊ ብምርግጋጽ፡ ተራ ቻይና ኣብ ዝተፈላለየ ዓለማውን ዞባውን ጉዳያት ክዕዘዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብዚ ርእሰ-ሓያላን ዝበዝሓ ሃገራት ከም ድላየን ዝወንድራሉ ዘለዋ ዓለም፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ግቡእ ተራኣ ክትጻወት ከምዘለዋ ድማ ኣገንዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ፡ ኣፍሪቃ ብተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ጸጋታት ሃብታም ኣህጉር ብምዃና፡ ቻይና ነዚ ዓቕምታትዚ ኣብ ምምዕባልን ምድንፋዕን ኣብርክቶ ክትገብር ትጽበት ከምዘሎ ገሊጹ።

ፍሉይ ልኡኽ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ - ኣምባሳደር ሁ ቻንግቹን ንኤርትራ ኣብ ዝገበሮ ሓበሬታ፡ ቀንዲ ዕላማ ዑደቱ - ምትሕብባርን ወህደትን ቻይና ምስ ኤርትራን ካልኦት ሃገራት ናይዚ ዞባን ንምሕያል፡ ከምኡ'ውን ሓበራዊ ኣገዳሲት ኣብ ዘለዎ ጉዳያት እወታዊ ተራኣ ክትጻወት ከምዘጸኑ ሓቢሩ።

ኣምባሳደር ሁ ብተወሳኺ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ምዕባለታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ወሀድ ሓበራዊ ስትራተጂ ንምስፋን ሰላምን ምርግጋእን ዓሚቕን ሕውነታውን ዘተ ከምዝተገበረ ብምጥቃስ፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ምስ ኤርትራ ዘለዋ ስትራተጂካዊ ዝምድናን ንረብሓ ክልቲኡ ህዝብታት ብዝለዓለ ንምዕባዩ ኣብሪሃ ከምእትሰርሕ ኣረጋጊጹ።

ኣብቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተረኺቡ ነይሩ።



# ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ናውቲ ሕክምና ብሓገዝ ረኺቡ

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ 200 ሕክምናዊ ዓራውቲ ዘጠቓልል ንዋታዊ ሓገዝ ካብ ውድብ ጥዕና ዓለም ተረኪቡ።

ብ8 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምርኽኻብ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኤርትራ ዶ/ር ሜሪ ስቲፈን ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ እቲ ሓገዝ ነቲ ድሕነትን ውሕስነትን ዘጋጥሙ ንምርግጋጽ ብሚኒስትሪ ጥዕና ኤርትራ ዝቐረበ ጻዕሪ ንምድጋፍ፡ ከምኡ'ውን ንሰብ ሞያ ጥዕና ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ንምሕጋዝ ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢራ።

ዶ/ር ሜሪ ኣስዒባ፡ ቤት-ጽሕፈቶም በዚ ከይተሓጽረ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ምምሕያሽ ተበጻሕነት ኣገልግሎት ጥዕና ምስ መንግስቲ ኤርትራ ክዙብሮ ንዘጸንሐ ምትሕግጋዝ ብዝለዓለ ከምዝቕጽሉ ኣብሪሃ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ግዝያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ዶ/ር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን ብወገኑ፡ እቲ ሓገዝ ኣብ ምምዕባል ኣገልግሎት ጥዕና ዘይሃሳቕ ኣበርክቶ ከምዘህልዎ ብምሕባር፡ ንቤት-ጽሕፈት ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኤርትራ ኣመስጊኑ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ብኤምባሲ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ዝተበርከተ ሕክምናዊ ደገፍ፡ ንሚኒስትሪ ጥዕና ተረኪቡ።

ኣብቲ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴንን ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራን ተረኺቦም ነይሮም።



ዜና

# ኣስመራ - ንሰብ-ሰርሖ ብልሒ ዝምልከት ሰሚናር ንኣባላት ፖሊስ ተዋሂቡ





ኣብ ኣስመራ፡ ንስብዙሰርሖ ብልሕን ኣመዓብላሉን፡ ከምኡ'ውን ዘለዎ እወታውን ኣሉታውን መዳያት ዝምልከት ሰሚናር፡ ብ8 ሚያዝያ ንኣባላት ፖሊስ ዞባ ማእከልን ማእከላይ ቤት-ጽሕፈትን ከምእተዋህበ፡ ህዝባዊ ርክባት ፖሊስ ኤርትራ ሓቢሩ።

እቲ ሓለፍቲ ጨናፍርን ሰታፋትን፡ ኣዘዝቲ ዞባታትን መደበራትን፡ ሓለፍቲ ምክልኻልን መርመራን ገበን፡ ሳዕለዎት መኮንናትን ተራ ኣባላትን ዝተሳተፍዎ ኣስተምህሮ፡ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብዝመጸ ክኢላ ቴክኖሎጂ ዶ/ር መድሃኔ ማራቶስየ ተዋሂቡ።

ኣብዚ እዋንዚ ብስብዙሰርሖ ብልሒ ማለት 'ኣርተፊሻል ኢንተለጀንስ' ተመሳሪሖም ዝዘርግሑ ዘለዉ ቪደዮታት፡ ስእልታትን ድምጽታትን ብደረጃ ዓለም ኣሰፋሕፊሖም ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ንተገልገልቲ ብዘምስጥ ኣገባብ ስለዝዳለዉ ኣቓልቦ ከምዝስሕቡ፡ ዶ/ር መድሃኔ ኣብሪሁ።

ሰብዙሰርሖ ብልሒ፡ ቅልጡፍን ጽፉፍን ኣገልግሎታት ኣብ ምሃብን ሃልክታት ኣብ ምውጋድን ሓጊዚ'ኳ እንተኾነ፡ ሳዕቤኑ'ውን ኣቃለልካ ዝርአ ከምዘይኮነ ብምጥቃስ ድማ፡ ገበናት ኣብ ምክልኻልን ምቅላዕን ከምኡ'ውን መርመራዊ ስርሓት ኣብ ምስላጥ ክሕግዝ ስለዝኽእል፡ ኣባላት ፖሊስ ነዚ ቴክኖሎጂዚ ብግቡእ ከምዝፈልጥዎ ምግባር መሰረታዊ ምዃኑ ኣገዲሩ።

ናይ ሰብዙሰርሖ ብልሒ መተግበሪታት (ኣፕሊኬሽናት) ኣብ ሞባይላት ብዝበዝሐ ይጽዓን ብምህላዉ፡ ንተመሃሮ ብኣሉታ ከይጸልዉ ስግኣቱ ዝገለጸ ዶ/ር መድሃኔ፡ ተመሃሮ ኣብ ክንዲ ተመራመርትን ኣንበብትን ዝኾኑ፡ ጽግዕተኛታት ናይ'ቲ ቴክኖሎጂ ከይኮኑ ምክትታል ወለድን መምህራንን ከምዘድሊ ኣስሚሩሉ።

ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጸጋይ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ሰብዙሰርሖ ብልሒ ንዘይክውንነታዊ ፍጻመ ከም ሓቀኛ ፍጻመ ኣምሲሉ ዘቕርብ ወጽኢት ቴክኖሎጂ ስለዝኾነ፡ ኣባላት ፖሊስ ንዝተዋህበ ሓበሬታ ብግቡእ ተገንዚቦምን ኣፍልጦኦም ኣስፊሖምን፡ ንዚጋጥሙ ተግባራት ብግቡእ ኣብ ምምማይ ክጥቀሙሉን ሕብረተሰብ ኣብ ምምሃር ክዋስኡን ኣዘኻኺሩ።

# ቤት-ትምህርቲ ዓይነ-ስዉራን ኣብርሃ ባህታ፡ ንዋታዊ ሓገዝ ረኺባ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ዓይነ-ስዉራን ኣብርሃ ባህታ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት 'ታቢላ' ንዋታዊ ሓገዝ ረኺባ።

ብ8 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምርኽኻብ ስነ-ስርዓት፡ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ኣብ ንኡስ ዞባ ገጀረት እትርከብ መዋእለ-ህጻናት 'ታቢላ' - መምህር ኢክራም ኑርሕሴን ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ዕላማ ናይ'ቲ መደብ ኣካል ኩብሪታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝኾኑ ናይ ምትሕግጋዝ ባህሊ፡ ኣብ'ቶም ቈልዑ ንምስራጽ ከምዝኾነ ገሊጻ።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ዓይነ-ስዉራን ኣብርሃ ባህታ መምህር ገብረእግዚኣብሄር ገብረእየሱስ ብወገኑ፡ ስለ'ቲ ዝተገብረ ሓገዝ፡ ንተመሃሮን መምህራንን መዋእለ ህጻናት 'ታቢላ' ኣመስጊኑ።

ኣቦ-መንበር ኮሚተ ወለዲ ኣቶ ዳኒኤል ኣብርሃ ብወገኑ፡ ምሕብሓብ ሰንኩላን ንመንግስቲ ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ከምዘይኮነ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ሰናይ ተግባር ምስታፎም ሓበን ከምእተሰመዖ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ተመሃሮ መዋእለ-ህጻናት 'ታቢላ' ምስ መዛኑኦም ተመሃሮ ዓይነ-ስዉራን ኣብርሃ ባህታ ተዘናጊዮም።



ስእሊ. ሮቤል መረስዕ


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጸ. 1284


# ዓዲ'ኳላ - ያታዊ ስፖርት ንምብርባር ይሰራሕ

ኣብ ዓዲ-ክንዙናብ - ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ያታዊ ስፖርት ብፍላይ ድማ ቃርሳ ንምብርባር ይሰራሕ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ብ5 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ እቲ ጸወታ ሓደትትን ፍቕርን ዘደልድልን ዘጸባርቕን ምዃኑ ዝገለጹ ነበርቲ፡ ንምብርባሩ ንዝተወሰደ ተበግሶ መጒሶም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዳምባምቤ ኣቶ ተስፉ በርሀን ኣኪያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ተስፉገብርኤል ሃብተን ብወገኖም፡ መዛዘሚ ናይ'ቲ ንልዕሊ ክልተ ሰሙን ዝቐጸለ መደብ፡ ብመልክዕ ፈስቲቫል ዝተዳለው ባይታ ክጣጣሕ ኣተሓሳሲቦም።

ፕረዚደንት ፈደረሽን ያታዊ ስፖርት ዞባ ደቡብ መምህር ተኽስተ ኢያሱ ድማ፡ ያታዊ ስፖርት ግቡእ መጸናዕቲ ተኸቢዱሉ ብመልክዕ ውድድር ዝሰራዓሉ ባይታ ንምፍጣር ክሰራሓሉ ምዃኑ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ እቲ መደብ ንፍሲ-ወከፍ ተሳታፊ ዕዙ ግዜ ዘለዎ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ያታዊ ጸወታ ንኽቕጽልን ንኽምዕብልን ብመልክዕ ፈስቲቫል ክቅየድ ዝቐረበ ሕቶ ክጸናዕ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ቃርሳ፡ ካብ ጠጥዓሉ ክሊዓው፡ ወይጣን ዓንቋን ብዝዓለ ኣብትር ኣብ መንጎ ክልተ ጋንታታት ዝጽወት ኩዕሶ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሲጋገር ዝጸንሐ ያታዊ ጸወታ'ዩ።

ዓዲ-ክንዙናብ ሓንቲ ካብ ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ዳምባምቤ ኮይና፡ ካብ ዓዲ'ኳላ ንሸነኽ ምብራቕ 8 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:45 | ፓኖራማ |
| 10:25 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም - ሓቅን ጽውጽዋይን ፊት ንፊት 5ይ ክፋል (ድግማ) |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 16:00 | መደብ ኣከባ |
| 18:00 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## 10 ተስላ ፪ይ

## “ስነ ፍልጠታዊ ፈጣሪ” ዘብሎ ምኽንያታት

“ሰባት ከም ገጣምን ነቢን ንኽስእሉኒ ጸላእተይ ምስ ጸዓሩ ክዕወቱ ክኢሎም እዮም…፡” ይብል ተስላ፣ “ኣብ ዕዳጋ ዘወርድ ነገር ቀልጢፈ ክገብር ከም ዘሎኒ ተርዲኡ።” ብ1909 ማርኮኒ ኣብ ሬድዮ ብዝገበሮ ምዕባለ ሽልማት ኖበል ረኺቡ። ካብዚ ተበጊሱ ሬድዮ ውጽኢት ብዙሓት ክነሳ ብምህዞ ማርኮኒ ክሳዕ ሎሚ ትፍለጥ። ኣብቲ ግዜ ማርኮኒ ሃብታም ሰብኣይ ክኸውን እንከሎ፡ ተስላ በተኽ ነበረ። ነዚን ካልእን ምስ ርኣየ እዩ ከኣ፡ “ኣብ ዕዳጋ ዘወርድ ነገር ቀልጢፈ ክገብር ኣሎኒ፡” ዝበለ።

ኤዲሰን ንዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ከም ሓደ ሰለማዊ ናብ ባሕሪ ዝውሕዝ ማይ፡ ተቐያያሪ ዋሕዝ ኤለክትሪክ ከኣ ብናህሪ እናኣዕለበጠ፡ እናተገማጠለ፡ ኣብ ቅድሜኡ ዝጸንሖ እናኣዕነወ ዝውሕዝ ውሑጅ ምኻኑ ይገልጽ ነይሩ። ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ንኣኻልብን ዘኣረጉ ኣፍራስን ብናይ ተስላ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪን እናትሓዘ ብምቕታል፡ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሓደገኛ ምኻኑ ከእምን ፈቲኑ። ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሓደገኛ፡ ሳዕቤኑ ከኣ ሞት ጥራይ ምኻኑ ንሰብ ብምእማን ከጠራጥሮም ከኣለ።

መበል 400 ዝኽሪ ንኣሜሪካ ዝዳህሰሰ ኮሎምቦስ ኣብ ዝተዳለወ ‘ኤክስፖ ኮሎምቦኣውያን’ ንምብራህ ንኽልተኦም ዓበይቲ መሃንድሳት ናይዛ ዓለም እማመ ከቕርቡ ተዓደሙ። ንኽልተ ኣገባባት በብወገኖም ዘማዕበሉ ኤዲሰንን ተስላን፡ ንዘይተቐያያርን ተቐያያርን ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሒዞም ቀረቡ። ኣካየድቲ ናይቲ ኤክስፖ ንእማመኦም ድሕሪ ምርኣይ፡ ንተስላ ዘለዓለ ኢድ ሃቡዎ። 1 ግንቦት 1893 መኽፈቲ መዓልቲ ናይቱ ኤክስፖ እዩ ዝነበረ። ብምልኡ እቲ ኤክስፖ ምስ ኤለክትሪክሲቲ ዝተሓሓዘ ብዙሕ ምርኢታት ነበሮ። ኣብታ መኽፈቲት መዓልቲ፡ ፕረዝደንት ክለቨላንድ ስዊች ምስ ጠወቐ፡ ብተስላ ዝተዳለወ ብተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዝሰርሕ ኣምፑላት ደሚቑ ተወልዐ። ‘ከተማ መብራህቲ’ ክብሉ ከኣ ስም ሃቡዋ። ካብታ መዓልቲ ጀሚሩ ዕብለላ ኤዲሰን እናኣንቈልቈለ ከደ።

### 8. ክልተ ቃላት፡ ምስጢራዊ ቤት ምርምር

ተስላ ስነ ፍልጠታዊ ፈጣሪ ካብ ዝበሉዎ ምኽንያታት ሓደ፡ ቤት ምርምሩ ምስጢራዊ ምንባሩ እዩ። ፈጣሪ፡ ምስጢራውን ክምርመር ዘይክኣል ምኻኑን ይገልጽ እዩ። ተስላ’ውን ብተመሳሳሊ ውዱእ ስርሑ ሑዙ’ዩ ዝቃላዕ ነይሩ።



ተስላ ካብ ኤዲሰን ምስ ተፈልየ ናቱ ቤት ምርምር እዩ ዝገበረ። ጆርጅ ወስቲንሃውስ ዝተባህለ ብዓል ኢንዱስትሪ፡ ንምህዞ ተስላ ምስ ሰምዐ፡ ሓደ ጠለብ ሒዙ ናብ ተስላ ከደ። ነቲ ተስላ ዝፈጠሮ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ብ60,000 ዶላር ክገዝኦ። ካብዚ ተስላ 5,000 ብጥረ ገንዘብ ክረኽቦ እንከሎ፡ ዝተረፈ ከኣ ኣብቲ ኢንዱስትሪ ብርኪ ኣተወሉ። ካብ ነፍሲወከፍ ንሓደ ገዛ ዝተሸጠ ሃልኪ ኤለክትሪክ ከኣ 2.5 ዶላር ክወሃቦ ተሰማምዐ። እቲ ብጥረ ዝረኸቦ ገንዘብ ከኣ ኣብ ምምዕባል ቤት ምርምሩ ተጠቕመሉ።

ብ1899 ኣብ ኮሎራዶ ስቱር ምስጢራዊ ቤት ምርምር ብምስራሕ ንልዑል ድግምጋም (ፍሪኴንሲ) ይፍትኖ ነበረ። ኣብዚ ቤት ምርምር ህላወ ቀዋሚ ምድራዊ ማዕበል ከም ዘሎ ፈለጠ። ከይደንጐየ ካልኣይቲ ቤት ምርምር ሰርሐ። እቲ ቤት ምርምር 45,000 ኪሎግራም፡ 57 ሜትሮ ብራኸ፡ 91.4 ሜትሮ ንውሽጢ መሬት ዝኣተው 16 ናይ ሓጺን ቱቦ ዘሎዎ ዋላ (ታወር) እዩ። ካብቲ ቤት ምርምር፡ ተስላ፡ ብመገዲ እዛ ፕላኔትና ገይሩ ሓይሊ ኤለክትሪክ ከምሓላልፍ መደበ። ብመገዲ እቶም ንውሽጢ መሬት ዝኣትው ናይ ሓጺን ቱቦታት ምስ መሬት ክተሓሓዝ’ሞ፡ ዓለም ምሉእ ብዘይ መተሓላለፊ ገመድ ኤለክትሪክሲቲ ክትጥቀም ዘኽእል ሓሳብ’ዩ።

ንሓሳብ ተስላ እተስርሕ ታወር



ስልኪ ኣልቦ መተሓላለፊ ኤለክትሪክ፡ ተስላ ብተግባር እናኣርኣየ

እናተሰርሐት እነከላ፡ ናይ ማርኮኒ ፈነወ ሬድዮ ተቓለሐ። ማርኮኒ ንኣገዳሲ ግዜ ተስላ መንጢሉዎ ክብሃል ይከኣል። ነቲ ናይ ተስላ ታወር ዝመወለ ፐይርፖንት ሞርጋን፡ ድሕሪ ናይ ማርኮኒ ስራሕ፡ እቲ ናጻ ንዓለም ዝዕደል ኤለክትሪክሲቲ ከተሓሳስቦ ጀመረ። ህንጻ ተስላ ታወር ከይተወደአ እንከሎ ከኣ ኣንሳሓበ። ተስላ፡ እዚ ዓቢ ሓሳቡ ኣብ ፍረ ክበጽሕ ኣይከኣለን። ብ1917 እዚ ታወር ብመንግስቲ ፈረሰ። እቲ ካልኣይ ቤት ምርምር ተስላ’ቲ፡ ተስላ ታወር፡ ብ2012 ማቲው ኢማን ዝተባህለ ናይ መርበብ ካርቱኒስት እኹል ገንዘብ ብምውጻእ፡ ነቲ መሬት ዓደጎ። ቤት መዘክር ክገብሮ ድላይ ከም ዝነበሮ’ውን ይንገር።

### 9. ብዙሕ መስዋእቲ

ዓወት ናይ በላሕቲ ሰባት ምስ ሰማዕና ኣዚና ንድነቐሉ እዋን ብዙሕ እዩ። ብዓወቶም ጥራይ ዘይኮንና በቲ ቃልሶም’ውን ክንሓስብን ክንድነቐን ይግባእ። መንፈዓት ዋጋ ከይከፈልካሉ ከም ዘይመጽእ’ውን ንግንዘብ። ተስላ፡ እቲ ስደተኛ፡ ምስ ልዕሊኡ ሚዛን ዘሎዎም ሃብታማትን ኣብ ቢዝነስ ናይቲ ግዜ ጸለውትን ዝነበሩ ሰብ ገጢሙ። ኤዲሰን ንድሕሪ ምህዞ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ምሉእ ብምሉእ ክጻረሮ ጀመረ። ማርኮኒ፡ ብገዛእ ምህዞ ተስላ፡ ንዕዳጋ ቀዲሙ ብምእታው ክሳብ ሽልማት ኖቨል ክቕበል በቒዑ። ጆርጅ ወስቲንሃውስ፡ ናይ መጀመርታ መዋሊ ተስላ፡ ካብ ውዕሎም ወጻኢ ብምህዞታት ተስላ ዓቢ ግዝኣት ኤለክትሪክ ሃኒጹ።

ተስላ፡ መጀመርታ ኣብ ንስነ ፍልጠትን ምዕባለን ዝነበሮ ፍቕሪ ኣብ ቅንዕና ዝተመርከሰ ነበረ። ነቲ ዝገብሮ ዝነበረ ምርምራት ከኣ ብፍቕሪ ይገብሮ ነበረ። ተስላ እዚ ክገብር ብዙሕ መስዋእቲ እዩ ዝኸፈለ። ንህቡብነቱ፡ ዕድሉን ልቦናኡን ክኸፍሎ ተገዲዱ እዩ። ነታ ንዓለም ምሉእ ብመገዲ መሬት ጸዓት ከምሓላልፈላ ዝሰርሓ ዝነበረ ታወር ድሕሪ ምትራፉ፡ ብፍሽለቱ ብዙሕ ተሳቐዩ እዩ። “ሕልሚ ኣይኮነን ነይሩ…፡” ይብል ተስላ፣ “ሓደ ቀሊል ስነ ፍልጠታዊ ምህንድስና ኤለክትሪክ እዩ። ጸገሙ፡ ንዝኾነ ሰብ ክሰኣሎ ዘይክእል፡ ብዙሕ ሕቶታት ዘልዕል፡ ልቢ ዘንጠልጥልን ክቡርን ብምኻኑ ጥራይ እዩ።”

### 10. ንዓለም ናብ ኤለክትሪክ ክቕይራ ምኽኣሉ

ናይ ተሳል መስርሕ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ፡ ሞተረን ትራንስፎርመርን ንዓለም ዝሓሸ፡ ዝቐልጠፈ፡ ዝሓየለን ዝሓሰረን ሓይሊ ኤለክትሪክ ክህባ ክኢሉ። ሎሚ ንገዛውቲ ዘብርህ፡ ንዝተፈላለየ ኤለክትሪክያውን ኤለክትሮኒካውን መሳርሒታት ዘሰርሕ ዘሎ፡ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ እዩ። ኤዲሰን ዘሰርሓሉ ዝነበረ ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ፡ ኣብ ባተሪ ጥራይ ኢና እንረኽቦ። ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ንኤዲሰን ኣቕሒሩዎ እዩ። ነነዊሕ ርሕቀት ክኸደሉ ኣይከኣለን። እቲ ኣብ ዲናሞኡ ዝፍጠር ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ፡ ናብ ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክቕይሮ’ውን ተቓሊሱ። ኤለክትሪክ ብሓደ መገዲ ጥራይ ከም ዝውሕዝ ንኽገብሮ ክኢሉ’ኳ እንተ ነበረ፡ እኹል ፍሕፍሖ ስለ ዘይረኸበ ግን ብተደጋጋሚ ምቅይያር ዘድልዮ ኰነ።

ናይ ተስላ ጀነረተር ግን ክንድኡ ዝተሓላለኸት ኣይነበረትን። ንነዊሕ ርሕቀት ኣብ ዝጓዓዘሉ፡ ክብገስ እንከሎ ኣበርቲዑ ዘምሓላልፍ መስርሕ (step up)፡ ኣብ ቦታኡ ክበጽሕ እንከሎ ከኣ ናብ ንቡር ዝመልስ መስርሕ (step down) ዘሎዎ እዩ። ንገዛውቲ፡ ንትካላትን ከኣ ነናቱ ደረጃ ዘሎዎ እዩ።

ንተክኖሎጂ ሞተረ ዝመርሐ በልጁማዊ መሃንድስ ዘኖበ እዩ። ኤዲሰንን ካልኦትን ነዛ ናይ ዘኖበ ሞተር፡ ምስ ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሞተር ክሕውሱዋ ጽዒሮም ነበሩ። ግን ኣይኮነሎምን። ተስላ ግን ሰውራዊ ለውጢ ብምግባር፡ ሓድሽ ተወሳኺ ሰርኩዩት ብምልጋብ፡ ነቲ ካብ መስመር ዝወጽእ ዝነበረ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ተቐያያሪ ከም ዝኸውን ገበሮ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝመደቦ ከኣ ኰነሉ።

ትራንስፎርመር፡ ከምኡ’ውን ጀነረተር፡ ብማይክል ፈራዳይ እየን ተማሂዘን። ክልተኡ ምህዞታት ክሳብ ተስላ መጺኡ ዝኸፍቶ፡ ኣብ ዕጹው ገዛ’ዩ ነይሩ ክብሃል ይከኣል። ብሓገዝ ክልተኡ ምህዞታት ኤለክትሪክሲቲ ንናይ ዓለም ስራሕ ክሰላሰል ኣኽኢሉዎ።

## መሃዝቲ ሬድዮ

ጉግሊልሞ ማርኮኒ ንዘመናት ኣቦ ሬድዮ ምኻኑ ክግለጽ ከም ዝጸንሐ ይፍለጥ እዩ። ኢጣልያዊ ማርኮኒ፡ ምስ እንግላውያን ልዑላን ኤዲሰን ዓቢ ምትእስሳር ዝነበሮ መሃዚ፡ ኣብ ዓውዲ ፈነወ ሬድዮ ዓቢ ኣገዳሲ ኣበርክቶ ዘሎዎ እዩ። ንሱ ሬድዮ ክሰርሕ ምኽኣሉ ኣብዚ ቢዝነስ ዓቢ ዓወት ተጐናጺፉ እዩ። ብ1904 ንስም ዋንነት ምህዞ ብስሙ ክኸውን ከእምን’ኳ እንተ ፈተነ፡ ናይ ተስላ ዝዓበየ ኢድ ምኻኑ ዝገልጽ ተቓውሞ ገጢሞ።

ብ1943፡ ሽዱሽተ ወርሒ ድሕሪ ዕረፍቲ ተስላ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣሜሪካ ሬድዮ ብስም ዋንነት ተስላ ቍጽሪ 645,576, ብምጽዳቑ ምስ ማርኮኒ ካምፓኒ ኣብ ቍርቍስ ኣተወ። ማርኮኒ ከኣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ፍሉጣ ሬድዮ ዝሰርሐ ተባሂሉ ብ1896 ናይ ዋንነት ስም ክረክብ ክኢሉ’ዩ። ኣብ ኣሜሪካ ግን ተቐባልነት ኣይረኸበን ነበረ። ቅድሚ 43 ዓመታት ናይዚ ኣጋጣሚ፡ ማርኮኒ ኣብ ፊዚክስ ብዝገበሮ ኣበርክቶ ሽልማት ኖብል ክቕበል ከኣለ።

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

““ንዘይፈተኻዮ ነገር ወይ ኩነታት ቀይሮ፣ ክትቕይሮ ዘይትኽእል እንተ ኼንካ ኣረኣእያኻ ቀይር እምበር ኣይተማርር።”

\- *Maya Angelou*

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

## ዳእላ ተመሃሮ

Q: What did one math book say to the other?

A: Don’t bother me I’ve got my own problems!



***

ሜሪ ማና

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ልምዓት ሓምላይ መግቢ እንስሳ

## ንምኽዕባት ምህርቲ ጸባ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

**ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ኣቶ መድሃኔ ተስፋይ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ጸባ ኣብ ዘዳለዎ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ድሕረባይታ ልምዓት ጸባ፡ መባእታዊ ኣመጋግባ ብመንጽር ስርዓተ ምሕቃቕ መግብን ዓይነታት ጸባ እተፈላለያ ጥሪትን ኣቕሪቡልና ነይሩ። ንሎሚ ድማ ኣብ ልምዓት ሓምላይ መግቢ እንስሳ ኣብ ጀራዲንን መግሃጫታትን ዝምልከት ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ፦ ሰናይ ንባብ።**

መግብን ኣመጋግባን ኣብ ምህርቲ ጸባ ጽልዋ ካብ ሃለዎ፡ ምስ ናይ ጸባ ከብቲ ኣዛሚድና ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል እተገልጸ፡ ግቡእ ስርዓተ ምሕቃቕ ክህሉ እንተኾይኑ፡ ሓንቲ ላም ካብቲ መዓልታዊ እትምገቦ ዓቐን መግቢ፡ እቲ ኣስታት 90 ሚእታዊት፡ ኣብ ልክዕ ግዚኡ ዝተዓጽደ እተፈላለየ ዓይነት ጥሉል ሓምላይ መግቢ፡ እቲ ትሕቲ 10 ሚእታዊት ድማ ውሁድ መግቢ ከም፦ ፍሩስካ፡ ፍሩስኬሎ ዝኣመሰለ ክኸውን ይግባእ። እኹልን ብሉጽን ሓምላይ መግቢ እንተሃልዩ ግን ምሉእ ብምሉእ ኣብኡ ክንምርኰስ ዝያዳ ተመራጺ ይኸውን። እዚ ውሁድ መግቢ እንብሎ፡ ልዑል ትሕዝቶ ጸዓት/ፕሮቲን ዘሎዎ እዩ። በዚ ሜላ ኣመጋግባ ርቡሕን ብሉጽን (ሓፊስ) ጸባ ክርከብ ይከኣል። ከም ተወሳኺ፡ ውሁድ መግቢ ዘድልየሉ ግዜ ብዝያዳ ንሓራስ ላም ኮይኑ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ሕርሲ ዘውጽኣቶ ልዑል ጸዓትን ድሕሪ ሕርሳ እትሕለቦ ብዙሕ ጸባን ብቕልጡፍ ንምትካእ ሓጋዚ ስለዝኸውን እዩ። ካብዚ ወጻኢ ግን ሓምላይ መግቢ እንተ ተዋሒሱ፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብኡ ክንምርኰስ ይምረጽ። ምኽንያቱ፡ ኣብቲ ልክዕ ናይ ምዕጻድ ግዜ እንተ ተዓጺዱም፡ እተፈላለዩ ኣትክልቲ ናይ ሓምላይ መግቢ፡ ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ ስለ ዘሎዎም፡ ኣብ ምህርቲ ጸባ ድማ ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብሩ። ዓሌታት ሓምላይ መግቢ ኣዝዮም ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ እቶም ኣብ ሃገርና ዘውቱራትን ብሓረስቶትና ኸኣ ዝያዳ ተቐባልነት ዘሎዎም ግን ከም ኣልፋኣልፋ፡ ሓርማዞ (ሳዕሪ ሓርማዝ)፡ ሳዕሪ-ሱዳን፡ ዕፉንን እዮም። ካልኦት ከም ምቁር ድንሽ፡ ላብላብ፡ ሉፒን ካልኦትን ከኣ ኣብዚ እዋን ንምስፍሑም ልዑል ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ።

ካብዚ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ ሓቂ ብምብጋስ'ዩ እምበኣር፡ ኣብዚ እዋን ምፍራይ ሓምላይ መግቢ ልዑል ኣተኩሮ ዝወሃበሉ ዘሎ። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓምላይ መግቢ እንስሳ ንምድንፋዕ እተፈላለዩ ንጥፈታት ወጢኑ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን።

እቲ ቀዳማይ፡ ምምስራትን ምሕያልን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዝተደኰኑ መደበራት ፈልስን ነቑጣታት መርኣያን መባዝሕን ቀጠልያ መግቢ እዩ። እዘን ዛጊት ኣብ ሃገርና ዘለዋ ነቑጣታት፡ ብቑጽሪ ውሑዳትን ከምቲ ዝድለ ንሓረስቶት ኣገልግሎት ክህባን ዘይጸንሓን እየን። ኣብ መጻኢ ግና ሓረስቶት ዘድልዮም መባዝሒ ፈልሲ ካብ ቀረባኦም ንክረኽቡን ግብራዊ ትምህርቲ ድማ ክቐስሙን ስለ ዝሕግዝ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባን ንኡስ ዞባን (እንተ ተኻኢሉ'ውን ኣብ ደረጃ ምምሕዳር ከባቢ) ካብ 3-5 ሄክታር ዝስፍሓተን መደበራት መርኣያ መባዝሒ ዘርኢ/ መደበራት ፈልሲ ሓምላይ መግቢ እንስሳ ንኽምስረታ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ'ውን ነፍሲ ወከፍ ንኡስ ዞባ፡ እንተ ተኻኢሉ'ውን ብደረጃ ምምሕዳር ከባቢ ናይ ባዕለን መደበራት


ኣቶ መድሃኔ ተስፋይ

ፈልሲ ቀጠልያ መግቢ ክምስርታ ይግባእ። ነዚ መደብ ንምዕዋት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘርኢ ቀጠልያ መግቢ ንኣብነት ኣልፋ-ኣልፋ ኣብ ውሽጢ ሃገር ብእኹል ዓቐን ንኸባዝሖ ሰፊሕ ውጥን ሒዙ ይሰርሓሉ ኣሎ።

እቲ ኻልኣይ ድማ ምስፋሕ ብቐጠልያ መግቢ እንስሳ ዝለምዕ መሬት እዩ። ኣልማዕቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ዝኾኑ ሓረስቶት፡ ካብቲ ዝለምዕ መሬቶም (ጀርዲኖም) 10 ሚእታዊት ሓምላይ መግቢ (ሓደ ኣፍ ወይ ሓደ ሚእታዊት ካብኡ ንምቁር ድንሽ ዝውዕል) ከም ዘልምዑ ምግባር እዩ። እዚ ኸኣ ሸፈነ ብሓምላይ መግቢ ዝለምዕ መሬት ዘዕብይን፡ እኹል ቀረብ ሓምላይ መግቢ ንምውሓስ ዝሕግዝን ስለዝኾነ፡ ኩሎም ሓረስቶት ከተግብርዎን ዝምልከቶም ሓለፍትን ክኢላታትን ድማ ብዝለዓለ ክደፍእሉን ይግባእ።

ብሳልሳይ ደረጃ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምስ ኩነታት ኣየር ሃገርና ዝሰማምዑን ዝያዳ ምህርቲ ክህቡን ዝኽእሉ ዓሌታት ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ንምልላይ እተፈላለዩ ምርምራዊ መጽናዕትታት ከካይድ ጸኒሑ እዩ።

ኣብ ርእሲ ልምዓት ሓምላይ መግቢ እንስሳ፡ ቀረብ ውሁድ መግቢ ንምውሓስ፡ እቲ ብቑዕ ዝብሃል ውሁድ መግቢ ንምፍራይ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ንልምዓት ብጫ ዕፉን፡ ሶያ-ቢንን ካልኦት ጥረታትን ልዑል ትኹረት ብምሃብ ግብራዊ ተበግሶታት ኣብ ምውሳድ ይርከብ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ነተን ብፍኑው ኣገባብ ዝጓሰያ ጥሪት፡ ቀረብ መግቢ ንምውሓስ ካብቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ጸቒጡ ዝሰርሓሉ ዘሎ መደባት፡ ምስፋሕን ምህብታምን መጋሃጫታት እዩ። ልምዓት መጋሃጫታት፡ ከም ኣካል ሕርሻዊ ንጥፈት ተወሲዱ፡ መጋሃጫታት ግቡእ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ተኻዪድሎም ንኽለምዑ ኣብ ምጉስጓስ ይርከብ። ዛጊት መብዛሕትኦም መጋሃጫታት ሃገርና፡ ብሳዕሪ ዝተሸፈኑ ምዃኖም ይፍለጥ። እዞም ዓሌታት ሳዕሪ ድማ ዝበዝሐ ትሕዝቶኦም ጸዓት ዝህብ ካርቦሃይድሬት ስለዝኾነ፡ ኣብ መጻኢ ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲን ዘሎዎም፡ ከም ሉፒን ዝኣመሰሉ ዓሌታት ኣቑጽልቲ ብሰፊሑ ንምትእትታዎም መደብ ተታሒዙ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ እምበኣር፡ ኩሎም ናይ ጸባ ከብቲ ዘውንኑ ሓረስቶት፡ ቀጻልነትን ዕብየትን ሕርሻኦም ንምድንፋዕ፡ ንልምዓት ቀጠልያ መግቢ ቀዳምነት ሂቦም ክሰርሑሉ ይግባእ። ኩሎም ዝምልከቶም ክኢላታት ሕርሻ ድማ ነዚ ልዒሉ ዝተገለጸ መደባት ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ልዑል ኣበርክቶ ክገብሩ ይግባእ። ብፍላይ፡ እቲ ካብ ፍኑው መጓሰ ዝፈሪ ምህርቲ ጸባን ስጋን ብዝግባእ ተገምጊሙ ንክቐርብ፡ ቅምሶታት እናወሰዱ፡ ቀጻሊ ዳህሳስ ብምግባር፡ ጽኡይ ገምጋሞም ናብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክቕርቡ የድሊ።

****



## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

### ባህላዊ መግቢ ሕሾ

ብኣስመረት ዳምር

**ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን**

- 1 ኪሎ ቀይሕ ጣፍ ወይ ዳጉሻ
- 5 ማንካ ጣውላ እንጣጢዕ
- 1 ማንካ ጣውላ በርበረ
- ማይ ንመቘምጥዒ ዝኣክል

**ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ**

*መጀመርታ፡ ሓርጭና ብማይ ኣቔምጢዕና ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ዝረሰነ ሞጎጎ ካሲስና ንኸድኖ። ሽሉቕ ምስ በለ፡ ንግልብጦ'ሞ፡ ኣብ ልዕሊኡ ቁሩብ እንጣጢዕ ነሲኒስና ንኽርህጽ ንኸድኖ። ብድሕር'ዚ፡ ጽንሕ ኢልና ኣውጺእና፡ ብውዑዩ ኣብ ሽሓኒ ንድህጾ። እንጣጢዕን በርበረን እናነስነስና ንሓስዮ ወይ ንሕሽዎ። ጽቡቕ ገይሩ ምስ ተወሃሃደልና፡ ብጉምቦ ኢድና እናዓቀንና፡ ጨቢጥና ቅርጺ ብምውጻእ ንመግቢ ድሉው ንገብሮ።*

**ዘውንኖ መኣዛዊ ትሕዝቶ**

ባህላዊ መግቢ ሕሾ፡ ብጸዓት ዝመልአ ምዃኑ፡ ነቶም ኣብ ዓውዲ/ መኼዳ እኽሊ ዝሰርሑ ሰባት፡ እኹል ዝኾነ መጠን ሓይሊ ይህቦም። እንጣጢዕ ብምህላዉ ድማ ነቲ ንኣእምሮ ወዲ ሰብ ንምህናጽ ዝኽእል ኦሜጋ 3ን ኦሜጋ 6ን ዝበሃሉ ዓይነት ቅብኢ ካብዚ መግቢ ክንረኽቦም ንኽእል ኢና። እዚ መግቢ ከግምገም ከሎ፡ ዋሕዲ ፕሮቲንን ቪታሚንን ኣሎዎ። እዚ ድማ ኣብቲ ዝተረፈ ናይ መዓልትና መግቢ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ክንምገብ'ሞ ዘድልየና መኣዛታት ናይ ቪታሚን ክንረክብ ንኽእል። ብተወሳኺ ድማ ጥረታት ወይ ድማ ጸባን ውጽኢት ጸባን ብምምጋብ፡ ነቲ ጎዲሉ ዝጸንሐ ትሕዝቶ ናይ ፕሮቲን ምሉእ ይገብሮ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ እቲ ክሰርሕን ክደክምን ዝጸንሐ ጭዋዳታት፡ ዓቕሚ ንምድላብ የኽእሎ።



**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!**

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት፦ ሶፊያ ፍቓዱ ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሻባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሻባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቓምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሻባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ግድን ድዩ ውጽኣት ክሓምም!

"ጻዕዳ ሽጉርቲ ገይርኪ ግርጻኡ ፋሕፍሕዮ፡" ዝብላኺ'ውን ኣለዋ።

ደዋሊት፥ ሄሎው ምኽሪ ብተለፎን ድዩ!

ኣማኻሪት፥ ኣይተጋገኽን ጽቡቕ ኣለኺ፡ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ኢኺ ደዊልኪ። ሄዋን እብሃል፣ መን ክብል!

ደዋሊት፥ ራሄል እብሃል ካብ ደቀምሓረ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፥ ሕራይ ራሄል ኣገልግሎትና ደሊኺ ብምድዋልኪ ኣቐዲመ ከመስግነኪ እፈቱ። እንታይ ክሕግዘኪ!

ደዋሊት፥ ወዲ 8 ወርሒ ህጻን ኣሎኒ፡ ውጽኣት እናተመላለሶ ኣሸጊሩኒ። ሽሕ'ኳ ኣብ ዝሓመሉ እዋን ናብ ትካል ጥዕና ይወስዶ እንተ ኮንኩ፡ ፈጺሙ ክገድፎ ግና ኣይከኣለን። ቈልዓ እንተ ሓሚሙኒ እዛ ልበይ ጥውይ እያ ትብል። መጀመርታይ ግዲ ኮይኑ ከኣ ዝሕዞን ዝጭብጦን'ዩ ዝጠፍኣኒ። ቈልዓ ኣይሕመምካ ወደይ፣ ዓቢ ሰብሲ'ኳ ኣብዚኣተይ ይብለካ፡ ናይ ቈልዓ ግና ከቢድ'ዩ በጃኺ።

ኣማኻሪት፥ እዚ ቈልዓ ድዩ ናይ መጀመርታኺ ወይሲ ሕጂ'ዩ ንመጀመርታኡ ሓሚሙ!

ደዋሊት፥ ናይ መጀመርታ ውላደይ'ዩ።

ኣማኻሪት፥ እሞ ናብ ትካል ጥዕና ኣብ ዝወሰድክዮ እዋን እንታይ ኢሎምኺ!

ደዋሊት፥ ቀልቀል መርመራ ይገብሩሉ'ኳ እንተኾኑ፡ ዝተራእዮም ውጽኢት ግና የለን። ውጽኢት መርመራ ደሓን ከም ዝኾነን ኣብ ጽሬቱ ጥራይ ከተኩር ከም ዘሎኒን ተሓቢረ። ከምኡ'ውን ነቲ ዝወጽኦ ፈሳሲ ንኽትክኣሉ ኦ.ኣር.ኤስ. (ORS) ሂቦም ጸባ ጡብ ድማ ደጋጊመ ከጥብዎ ከም ዘሎኒ ሓቢሮም ኣፋንዮምኒ። ብኸምዚ ኣገባብ ጽቡቕ ለውጢ የምጽእ'ሞ፡ ቅንይ ኢሉ ከኣ ናብታ ዝነበራ ይምለስ። ዋእ! ኣነ ከኣ ኑብሳ ባዕላ ንኢዳ ደኣ ኣይትበልኒ እምበር፡ ብዛዕባ ጽሬትሲ ዝጐድለኒ ዘሎ ኮይኑ ኣይስምዓንን።

ኣማኻሪት፥ ብርእሰ ተኣማንነት ከምኡ ምባልኪ ጽቡቕ'ዩ። ምስትውዓል ዘድሊ ግና ንህጻናት ኣብ እትህቦኦም መግቢ ይኹን ኣብ ምዕቃብ ጥዕናኦም ልዑል ተራ ትጻወታ ኣደታት'ኳ እንተ ኮንና፡ ኣብ ገለ እንሰርሖ ንጥፈታት ተሃዊኽና ወይ ብዘይ ምስትብሃል ክንጋገ ንኽእል ኢና። ንኣብነት፡ ኣብ ገለ እዋናት ስራሕ ገዛ ክንሰርሕ ጸኒሕና ሃንደበት ቈልዓ ጫጭ ኢሉ ምስ ዝበኪ፡ ብስንባደ ስራሕና ገዲፍና ናብ ውሉዳትና ንጐዪ ኢና። ከም ውጽኢቱ ድማ ብዛዕባ ጽሬት ኣእዳውና ከይዘከርና ክንእብዶም ብምባል ከነጥብዎም ንጅምር። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ኣእዳውና ዝጸንሐ ብዓይንና ዘይንርእዮም ታህዋስያን ከሕምሞም ይኽእል። ከምኡ'ውን ኣብ ደገ ጸኒሕና ምስ ረሃጽና ጡብና ከይሓጸብና ንህቦም። ከም ዝፍለጥ፡ እተጥቡ ኣደ ጸባ ጡባ ክፈስስ ይኽእል እዩ። እንተ ዘይተሓጺቡ ምስ ረሃጽ ተሓዋዊሱ ተህዋስያን ይፈጥር'ሞ ጠንቂ ናይ ውጽኣት ክኸውን ይኽእል። ስለዚ፡ ቀጻሊ ዋላ ኣይኹን ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚታት ክህሉ ስለ ዝኽእል፡ ኣብ እነጥብወሉ እዋን ግቡእ ጽሬት ኣእዳውን ጡብን ምሕላው ክንርስዖ ዘይግባእ'ዩ። ብተወሳኺ ኣብዚ ከነስተብህለሉ ዝግባኣና ከኣ ጽሬት ክብሃል እንከሎ፡ ንደጋዊ ጽሬት ጥራይ ዘይምኳኑ እዩ። ክዳውንቶም ስለ ዘጽረኻ ጥራይ ግቡእ ጽሬት ይኽተል'የ ክብለና ኣይክእልን። እኳ ደኣ ቀንድን ኣገዳስን ኣብዞም ብዓይንና ክንርእዮም ዘይንኽእል ኢና ክንጥንቀቐን ከነተኵሩን ዝግባእ።

ደዋሊት፥ ንሱ ደኣ እወ ሓቅኺ። ከምቲ ዝበልክዮ ኣየጋጥምን'ዩ ክብል ኣይደፍርን'የ። እቲ ውጽኣቱ ስለ ዝተደጋገሞ ግና ኣሰኪፉኒ። ኣደታትና ከኣ "ኣይትሸገሪ ናይ ስኒ እዩ፡ ባዕሉ ክገድፎ'ዩ፡" ኢለናኒ። "ስኒ ባርካይ ዝብሃል ከምኡ'ዩ ዝገብሮም፡" ይብላኻ። 'ኣነ ኣፍልጦ ስለ ዘይብለይ ድዩ፡' ብምባል ድማ እደናገር። ገለ ኣደታትሲ ወረግ፡ "ጻዕዳ ሽጉርቲ ገይርኪ ግርጻኡ ፋሕፍሕዮ፡" እየን ዝብላኻ። ሽሕ'ኳ ተግባራውነት ናይቲ ዝብላኻ እንተ ዘይፈልጥካ፡ ዓቕልኻ ምስ ጸበበካስ ፈትኖ እዩ ዘመጽኣካ።

ኣማኻሪት፥ ጽቡቕ ኣለኺ ራሄል፣ ኣብ ባህልና ብልምዲ ኣደታት ህጻናት ስኒ ኣብ ዘውጽኡሉ ግዜ፡ ስኒ ባርካይ ኢለን ክሰምያ ሰሚዕናን ተዓዚብናን ኣለና። ሓደ ህጻን ስኒ ከውጽእ ግዜኡ ምስ ኣኸለ ብሓደ መዓልቲ በቐሉ ዝሓድር ዘይኮነ፡ ግዜ ዝወስድን ሳሓ ግርጻን ዘኸትልን'ዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ከም ጽዕድው ዝበለ ኣብ ግርጻኖም ክንዕዘብ ንኽእል ኢና፡ እቲ ስኒ ኣብ ትሕቲ ግርጻን ክርአ ከሎ ምኻኑ እዩ። ኣብዚ ግዜ ኣዝዩ ሳሓ ስለ ዝገብረሎም ዝሓዙዎ ናብ ኣፎም ከእትዉን ክነኽሱዎን ይርኣዩ'ዮም። ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ እዩ ዝያዳ ክትትልን ጽሬትን ዘድልዮም። ስለዚ፡ ወዲኺ ናይ ስኒ ምልክት ጀሚሩዶ! እንታይ ዓይነት ተርእዮታት ተዓዚብኪ!

ደዋሊት፥ ኣብተን ናይ ቅድሚት ግርጻኑ ኣይወጽኣን እምበር ጽዕድው ኢለን ክቐልቀላ ደልየን ኣለዋ።

ኣማኻሪት፥ ካልእከ እንታይ ተዓዚብኪ!

ደዋሊት፥ ዋእ! ካልእሲ እንድዒ ዘየስተብሃልኩ ከኣ ግዲ ኮይኑ፡ ዝተዓዘብኩዎ የለን።

ኣማኻሪት፥ ዝሓዞ ነገር ናብ ኣፋ የእቱዶ!

ደዋሊት፥ ኣሃ! እወ ኣሎ እወ፣ ዋላ ኢደይ ሒዙ ናብ ኣፋ እዩ ከእቱዎ ዝደሊ።

ኣማኻሪት፥ ርኢኺ ራሄል እዚ ንባዕሉ ሓደ ሓበሬታ እዩ ዝህበኪ ዘሎ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝሓበርኩኺ ዝኾነ ቈልዓ ስኒ ከውጽእ ከሎ ግርጻኑ ስለ ዘሳሕዮ፡ ዝሓዞ ነገር ናብ ኣፉ ብምእታው ክነኽሶ ወይ ግርጻኑ ክፍሕፍሕ'ዩ ዝደሊ። እዚ መስርሕ ክሳብ ስኒ ኣውጺኡ ዘውድእ ክቕጽል ይኽእል'ዩ። ስለዚ፡ ናብ ኣፉ ዘእትዎ ነገር ዘይጽሩይ ምስ ዝኸውን፡ ተደጋጋሚ ውጽኣት ክገብረሉ ይኽእል። ኣብዚ ክንርድኦ ዝግበኣና ግና ስኒ ከውጽእ ናይ ግድን ውጽኣት ክሓምም ኣሎዎ ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ዘሕምሞም እቲ ዘይጽሩይ ነገራት ናብ ኣፎም ዝኣቱ ደኣ'ምበር እቲ ስኒ ምውጻእ ኣይኮነን።

ደዋሊት፥ እዋይ፡ እንታይ ትብሊ ጓለይ! እዚ ደኣ ዘየስተውዓልኩሉ ነይረ። ወደይ ደኣ ሓቁ እንድዩ ክሸገር፡ እሞ ሕጂ እንታይ እንተ ገበርኩ ደኣ ይሓይሾ!

ኣማኻሪት፥ ከምቲ ኣቐዲመ ዝሓበርኩኺ እዚ መስርሕ ክሳብ ስኒ ኣውጺኡ ዘውድእ ክቕጽል ተኽእሎ ኣሎ። እቲ ቈልዓ ድማ ክሸገር ስለ ዘይብሉ፡ ትርር ዝበለ ከም ሌጣ ቅጫ፡ ካሮቲ ሕጽብ ኣቢልኪ ክትህብዮ ትኽእሊ ኢኺ። ኣስናኑ ኣብ ዘሳሕዮ እዋን ድማ ከምዚ ዝኣመሰለ ምስ ዝነክስ ወይ ኣስናኑ ምስ ዝፍሕፍሖ ነቲ ሳሓ ዘፍ ከብለሉ ይኽእል'ዩ። ኣካል መግቢ ስለዝኾነ ድማ ከይሓምም ዘሰክፍ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ብኸምዚ ኣገባብ ነቲ ስኒ ናይ ምብቋል እዋን ክንሓልፎ ንኽእል። ብተወሳኺ'ውን ኣብ ልዕሊ እቲ ሰብ ሞያ ዝህቡና ሓገዛዊ መድሃኒት፡ ኣብ ቤትና ክንገብሮ እንኽእል፡ ከም ማይ ሩዝ ዝኣመሰለ ነቲ ውጽኣት ደው ኣብ ምባል ልዑል ተራ ኣሎዎ። እምበር ብዙሓት ቈልዑ ብኸምዚ ክንዛረበሉ ዝጸናሕና ክሸገሩ ትርኢ ኢኻ። ኣለኺዶ ራሄል!

ደዋሊት፥ ኣለኹ። ዘየስተብሃልኩሉ ነገራት እንዲኺ ተዘኻኺርኒ ዘለኺ። ግርም ገይረ እምበር እሰምዓኪ ኣለኹ።

ኣማኻሪት፥ እዚ ማለት ግና ራሄል ኵሉ ውጽኣት ብኸምዚ ክንዘራረበሉ ዝጸናሕና ይመጽእ ማለት ኣይኮነን። ዝኾነ ቈልዓ ምስ ዝሓምም፡ ናብ ትካል ጥዕና ብምኻድ፡ ካብ ሰብ ሞያ ምኽርን ማዕዳን ክንውከስ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ኵሉ ዝወሃበና ሓበሬታ ከነተግብር ድማ ሓላፍነት ኵሉና'ዩ።

ደዋሊት፥ በሊ እዚ ዝበልክኒ ሓበሬታ ከተግብር ክፍትን'የ። ተስፋ እገብር ድማ ለውጢ ክርእየሉ። ንዝሃብክኒ ሓበሬታ ግና ኣዝዩ'የ ዘመስግን። እትህቡዎ ኣገልግሎት ድማ ሓጋዚ ስለዝኾነ ኣብ ስራሕኩም ዓወትን ኣሳልጦን እምነየልኩም። ብሩኽ መዓልቲ!

ኣማኻሪት፥ ንሕና'ውን ምኽሪ ደሊኹም ምድዋልኩም ብፍሕሹው ገጽ ከም እንቕበሎ ክነረጋግጸልኩም ንፈቱ። ንዘሎኩም ሕቶታት ናጻ ኴንኩም ክትድውሉ ድማ ንምሕጸን። ብሩኽ መዓልቲ!



## "በብግዜኡ ዝምስረት ፍቕራዊ ዝምድና፡ምስ ተመሳሳሊ ባህሪ ዘሎዎም መጻምዲ ይግበር"

– ተመራመርቲ



"ኮኾበይ ረኺበ" ኢልና ኣብ ፍቕሪ ፈረቓና ዝኾነ ከም ዝረኸብና ንገልጽ ኢና። ክልተ ተፋቐርቲ፡ "ናተይ ታይፕ" እናተብሃሃሉ ልክያም ከም ዝረኸቡ ይነገሩ። እዚ ሓደ ሰብ ናቱ "ታይፕ" ከም ዝደሊ ብመጽናዕቲ እተረጋገጸ እዩ። እዚ ከም ንቡር ክውሰድ ይከኣል ይኸውን፣ ፍቑራት በብምኽንያቶም ድሕሪ ምፍልላዮም ዝፈጥሩዋ ካልእ ዝምድና፡ ብዝበዝሐ ሸነኹ ምስቲ ዝቐደመ ኣፍቃሪ/ት ዝመሳሳል ከም ዝመርጹ ዘረጋግጸ ሓድሽ መጽናዕቲ ንሕትመት በቒዑ ኣሎ።

ብቐረባ እንከታተሎም'ሞ ባህሮም ዘይቕይሩ ሰብ፡ ምስ ከመይ ዝበለ መጻምዲ ክቐንያም ከም ዝኽእል ክንግምት ይከኣል እዩ። ክልተ ሰብ ምስ ተፋቐሩ (ምስ ተዓራረኹ)፡ ድሕሪ ግዜ ክፈላለዩ ይኽእሉ። ድሕሪ ምፍልላዮም፡ እቲ ዝሓለፈ ፍቕራዊ ተመኵሮኦም ብዙሕ ፍልጠት ከም ዝሃቦምን ድሒሮም ንዝፈጥሩዎ ዝምድና ከኣ ብዓሚቑ ግንዛበ ከም ዝርድኡዎን ኰይኑ ይስምዖም።

"እንተኾነ፡" ይብል ዋና መጽናዕቲ፣ "እቲ ድሒሮም ዝመርጹዎ መጻምዲ፡ ምስቲ ዝቐደመ መጻምዲ ዘመሳስል ብዙሕ'ዩ ዝጸንሖ።" እዚ መጽናዕቲ ካብ 2008 ጀሚሩ ኣብ ጀርመን፡ ብዩኒቨርሲቲ ቶሮንቶ ናይ ካናዳ እተኻየደ እዩ። ሓደ ሰብ ናብ ሓድሽ ዝምድና ምስ ኣተወ፡ እቲ ኣብ ዝቐደመ ዝምድና ዝነበረ ባህሩ ክንጸባረቕ ይጅምር። ብ2017 ን332 ሰብ ኣብ እተገብረ ናይ ሰብኣዊ መንነት መጽናዕቲ፡ ነዚ ዘረጋግጽ ኵይኑ ከም እተረኽበ እዞም ተመራመርቲ ይገልጹ። እዚ ኣብ ሰብኣዊ መንነት ዝግበር መጽናዕቲ፡ ንመጻኢ ምስ ከመይ ዝበለ ሰብ ክትቋረን ከም እትኽልን እንታይ ዓይነት ባህሪ ሒዝካ ከም እትጓዓዝን ክእምት ዝኽእል እዩ።

/ኣብ ጆርናል PNAS እተሓትመ/

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ፍ/ሂር መንግስትኣብ ሕሩይ መንግስ፡ ብፍ/በ/መሰል ደሱሉቅ የማነ ጉብረማስቀል፡ ንፈጻሚ ዘምልከት ምልክታ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን/6/5/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጡ።

ይግበዩ በሃልቲ መሓሪ ወልደማርያም፡ ወሃብቲ መልሲ ወረስቲ ምሕረተኣብ ጉብረእግዚኣብሄር 1. ኣብባ ዑቕባሚካኤል 2. ሰምሃር ምሕረተኣብ ጉብረእግዚኣብሄር 3. ሚሮን ምሕረተኣብ ጉብረእግዚኣብሄር 4. ሚካኤል ምሕረተኣብ ጉብረእግዚኣብሄር 5. ልያ ምሕረተኣብ ጉብረእግዚኣብሄር 6. ዳናይት ምሕረተኣብ ጉብረእግዚኣብሄር 7. ደርጓቤት ምሕረተኣብ ጉብረእግዚኣብሄር 8. ጎኑት ምሕረተኣብ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ን29/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ሮዳስ ኪዳነ ጉብረመድህን፡ ብዋል-ቤተይ መትከል የማነ ሃብተማርያም ስለዝተሰወሉ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ን 1ወድና ደማ ወራሲ ምኳኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 28/4/26 ኣብ 6ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ግደይ ዕቑባዝጊ ዑቕባእንደርያስ፡ ብዋልብቤተይ ጉብራይ ኣብርሃም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 5/5/26 ኣብ 10ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘውዲ ግርማጼን ጉብረኪዳን፡ ብዋል-ቤተይ ሃብተስላሰ ጉብረእግዚኣብሄር ወልደስላሴ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/26 ኣብ 5ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ናቕፋ ኮርፖረሽን፡ ብፍ/በ/ዕዳ ሄለን ታደሰ፡ ንዓኺ ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ጉዳይ ስለዘሎ፡ ን23/4/26 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጢ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲት ሄለን ዳዊት ተሰፋጼን፡ ተኸሳሲ ማስፍን ተስፋይ በርሀ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን4/5/2026 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ቅረብ።

ዓብደልቃድር መሓመድእድሪስ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ዓብደልቃድር መሓመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሰናይት ኢሳቕ ጉብረሚካኤል፡ ብዋልብቤተይ ዑቕባማርያም ተኽለ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 6/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ተስፋሚካኤል ክፍለን ወ/ሮ ፍዮሪ ሃይለኣብ ክፍለየሱስን፡ ስም ትሕተ ዕድመ ደቅና ምናሴ ምሕረተኣብ ክፍለን ሴት ምሕረተኣብ ክፍለን ምባል ተሪፉ፡ ምናሴ ተስፋሚካኤል ክፍለ፡ ሴት ተስፋሚካኤል ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ጸገዙኣብ ጉዕሽ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ጺጋይ ጉዕሽ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4ተ ኣስመራ ምም/ከባቢ ገዛ ከንሻ ጎደና መንገዲ ቁ.29 ቁ12 ስፍሓት መሬት177.5 ት/ሜ ብቁ. ምስክር ወረቐት 111794 ብመወከሲ ቁ 124571 ብስም ወረስቲ ነ/ሄ ተደላ ስብሃቱ ነ/ሄራት ግምጃ ተኽለን ተጋ/ ኣፈወርቂ ተድላን ምስ 7 ኣሕዋቱ ዝተመዝገበ ልብሬቶ ናይ ገዛ ስለዝጠፈኣና፡ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ብቑ. ቴለ 07154645 ደዊሉ ይርከበና። እንተዘይቲኦይኑ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበና ክንሓትት ምኳንና ንሕብር።

ኣመልካቲ ሌ/ኮ ኣፈወርቂ ተድላ ስብሃቱ +7

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ከባቢ/ዚፕ ኮድ 01-1/1A135 ቁ.ፓርሰል ASP00001281ጎደና 135-3 ቁ. ገዛ 38 ብመለለዩ ቁ. ASD00002435 ብውርሲ ዝረኸብናዮ፡ ብስም ዘምዘም ሓሰን መሓመድሓጎስ +5 ተመዝጊቡ ዘሎ፡ ሓንቲ ካብ ወረስቲ ብጽሒታ ስለዝወሰደት፡ ዝተረፍና ዘምዘም ሓሰን መሓመድሓጎስ +4 ክምዝገበልና ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ድርዲ ወይ'ወን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሐዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ። እንተ ዘይቀረቡ ሰሩዓትና ሐጊዝና ጉዳይና ከነውድእ ምኳንና ንሕብር።

ዘምዘም ሓሰን መሓመድሓጎስ +4

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እፍቅርን እኽብርን ወላዲና ኣቶ ታደሰ ዐ/ሚካኤል ወንደፍራሽ፡ ዝተሰማዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ገዛን ሆስፒታልን ብምምልላስ፡ ምስ ዓረፈ ኣብ ሕርዋ-ገደና ብምኻድ ዘቃብርኩምና፡ ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወጻኢን ውሽጢ ሃገርን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና መቕርብን ፈተውትናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ዚፕ ኮድ 1A132 ብመለለዩ ቁ.ASD00028316 ፓርሰል ASP00032305 መዝገብ ቁ. 3397/2013 ብስም ዘርኣይ ጉብረያውሃንስ ዑቕባርጋሽ ዝተመዝገበ ልብሬቶ ናይ ገዛ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑ.ቴለ 07330422/07176313 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይቲኦይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበኒ ክሐትት ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ደርጉኣለም ኣስካለ ጉብረስላሴ

---

ኣመልካቲት ሶፍያ እድሪስ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና 176/21 ዝርከብ ገዛ ASP00028135 ASD00046266 ስፍሓት መሬት ኣብ 418ት/ሜ ዝተደኮነ፡ ቀንዲ ክፍሊ 5 ተሓጋገዝቲ 1 ብሽም ነ/ሄር ጣሃ ኢድሪስ ዑመር ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRASM016421016421 ዝተመዝገበ ብውርሲን ምቅሊትን ንዓይን ንፈርዶስ እድሪስ ዑመርን ዝበጽሓና ናብ ሽምና ክሙሓሉልና ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘፈቀዶ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ ሐዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኒታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ሶፍያ እድሪስ

---

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም ምምሕዳር ሆቴላት መንግስቲ፦

ቀረብ እንቋቑሖ ንኣስመራን ባጽዕን ዝርከብ ሆቴላት መንግስቲ ንዓመት 2026 ክቕርቡ ንዘኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ንሳልሳይ ግዜ ጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም

- ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ 2024 መረጋገጺ ካብ ዕዳ ናጻ፡
- መኽበሪ ጨረታ 10.000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብ CPO የትሕዙ።
- ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ንሓሙሽተ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰነድ ጨረታ (መግለጺ ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ ኣብ ደንበ ሰንበል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ፡ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ) ብምኽፋል ክወሰድ ይከኣል።
- ጨረታ ድሕሪ ምዕጻው ቀጺሉ ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ሰዓት 10.00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪል (ውሉድ፡ ወላዲ፡ ብዓልቲ ቤት) ኣብ ዝተርኸቡሉ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ ይኽፈት።
- ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ቱሪዝም

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ምም 03 ዚፕ 1A132 ጎደና 132-1 ስፍሓት መሬት 28.8 ት/ሜ ሓደ ቀንዲ 2 ተሓጋጋዚ ክፍሊ ዝተደኮነ፡ ብስም ክፍለ ወልደኣብዝጊ ሃይሉ ዝተመዝገበ፡ ብመሸጣ ናብ ዓዳጊ ከሙሓሉልና ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሐዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪ ይቕረብ። እንተዘይ ቀረቡ ሰሩዓተይ ሐዘ ጉዳየይ ክውድእ ምኳነይ እሕብር።

ኣመልካቲ ክፍለ ወልደኣብዝጊ ሃይሉ

---





## ዓቢ ብስራት ንተመሃሮ

ቅድሚ ሕጂ፡ እታ መጽሓፍ፡ ሓልዮት 1,2,3,4፡ ቢኒ 'ኽረኽቦ'የ፡ ፊደላተይ፡ ዝብላ ካብ ኣንበብቲ ዓቢ ተቐባልነት ኣድንቖትን ዝረኸባ መበቆላውያን መጻሕፍቲ ዝደረሰ፡ ሕጂ'ውን ጽምኣት ኣንበብቲ ንምርዋይ፡ "ሓልዮት 5" ጀባእ ይብለኩም።

ትሕዝቶ መጽሓፍ ሓልዮት 5፡

ዛንታታትን ጽውጽዋያትን ብቛንቋታት ትግርኛን እንግሊዝን ዝተጻሕፉ፡ ንቛንቋ ትግርኛን እንግሊዝን ኣብ ምምላኽ ዝሕግዙ፦ እተመሳቐለ ቃላት፡ ግድል ቊጽሪ፡ ቃላት ድለዩ፡ cross word: word search፡ ዝብሉ ትሕዝቶታት ንፍቱዋት ተመሃሮ ኣዳልዩ ኣሎ።

ኣንብብዋ ብዙሕ ቁም ነገር ኣለዋ! ዘንብብ ይዕንብብ!

ደራሲ፡ መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)
ሞባይል፡ 07190414

ኣካፋፋሊ፡ ሰቲት ስተሽነሪ 07222010 ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዛርጊሓ ኣላ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

**1. Position: Mining Electromechanical Engineer**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Harena Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To comprehensively manage the full lifecycle technical aspects of electromechanical equipment and systems in mining operations (both underground and surface), ensuring their safety, reliability, efficiency, and cost-effectiveness. The role is pivotal in providing robust equipment support for continuous and stable production while achieving cost reduction and efficiency improvement through technological innovation.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Equipment Management and Maintenance (Core Responsibility)**

- Develop and implement annual/monthly maintenance plans, preventive maintenance procedures, and inspection standards for key electromechanical equipment (e.g., hoisting systems, ventilation systems, drainage systems, compressed air systems, transportation systems, power supply and distribution systems).
- Lead or participate in major and medium-scale repairs of critical equipment, including technical solution design, process supervision, quality acceptance, and post-maintenance evaluation.
- Establish and maintain comprehensive equipment technical archives (including drawings, manuals, maintenance records, and equipment histories) to standardize and digitize equipment management
- Support development of maintenance strategy, spares philosophy, and critical equipment lists to ensure long term reliability.

**Fault Diagnosis and Emergency Response**

- Respond promptly and efficiently to unexpected electromechanical equipment failures, conduct technical diagnostics, develop repair plans, and organize emergency repairs to minimize downtime.
- Perform root cause analysis (RCA) for recurring or systemic failures, proposing and implementing long-term improvement measures to prevent recurrence

**Technical Support and System Optimization**

- Provide round-the-clock electromechanical technical support to production departments to ensure smooth equipment operation.
- Identify operational bottlenecks and energy consumption issues in equipment and systems, leading or participating in technical upgrades, energy-saving initiatives, and automation enhancement projects. Prepare technical proposals, budgets, and feasibility reports.
- Oversee or assist in the technical selection of new equipment, preparation of bidding specifications, factory acceptance testing (FAT), on-site installation, commissioning, and final acceptance (SAT).
- Interface with EPC contractors, OEMs, and commissioning teams to coordinate technical activities, resolve issues, and support project delivery.
- Lead integrated commissioning plans and performance verification for electromechanical systems to ensure readiness for safe operation.
- Support capital and operating cost tracking for electromechanical systems and provide input to forecasts and cost reviews.

**Safety Management and Compliance**

- Strictly adhere to national, industry, and corporate safety regulations and standards. Serve as the direct responsible person for electromechanical safety in the role.
- Conduct safety risk assessments for electromechanical equipment, identify and address potential hazards, and develop and monitor the implementation of safe operating procedures.
- Participate in or lead investigations and analyses of electromechanical safety incidents, developing corrective and preventive measures.
- Ensure compliance with regular inspections, testing, and management of special equipment (e.g., cranes, pressure vessels) and associated safety accessories

**Technical Management, Training, and Communication**

- Create, review, and manage electromechanical system drawings (e.g., electrical schematics, PLC program diagrams, mechanical equipment layout plans).
- Develop and revise equipment operating procedures, technical standards, and safety manuals.
- Provide professional technical training and assessments for equipment operators and maintenance personnel to enhance team capabilities.
- Maintain close communication and collaboration with production, safety, environmental, and other departments to align electromechanical work with overall mining operational goals.
- Ensure as built drawings, technical records, and turnover packages are complete, accurate, and properly controlled.

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Bachelor's degree or higher in a relevant field, preferably in Mining Machinery, Electromechanical Engineering,<br>• Electrical Engineering and Automation, Mechanical Engineering, or Automation<br>• Intermediate or higher-level certification in Electromechanical Engineering is required. | • At least 8 years of senior experience in electromechanical equipment management, maintenance, or related roles in metal mining, particularly underground mining.<br>• Experience in large-scale mining operations or design institutes is preferred.<br>• Familiarity with mining machinery characteristics through roles in equipment management, installation, or construction is essential. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Proficient in the principles, structures, performance, and maintenance requirements of key mining electromechanical systems.<br>• Skilled in diagnosing and repairing electrical control systems (PLC, frequency converters), mechanical transmission systems, and hydraulic/ pneumatic systems.<br>• Proficient in engineering drawing software such as AutoCAD and office software (e.g., Microsoft Office).<br>• Strong English reading and writing skills to comprehend technical manuals, drawings, and international standards. Fluent English required for technical coordination.<br>• Knowledge of IoT and smart mining technologies and trends is advantageous. | • Strong Problem-Solving and Hands-On Abilities:<br>• Ability to handle work pressure, remain calm in emergencies, and quickly identify and resolve complex technical issues.<br>• Exceptional Safety Awareness and Responsibility:<br>• Prioritize safety in all tasks and strictly adhere to safety protocols.<br>• Effective Communication and Team Collaboration:<br>• Able to clearly communicate technical details and collaborate effectively with colleagues across departments and backgrounds.<br>• Continuous Learning and Innovation Mindset:<br>• Proactively stay updated on industry technologies and trends and apply them to improve operational efficiency |

CONTINUED ON PAGE 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 7

1. **Position: Underground Senior Mine Engineer**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Harena Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Support mine engineering for the Harena Underground project, a new greenfield shaft sinking and portal development, and support operational readiness. Provide planning, scheduling, and technical coordination. Support safe and efficient development through design review, contractor coordination, and integration of ventilation and dewatering across early works and operational phases.

**Essential Functions**

- Underground Mine Planning and Scheduling
- Contractor Support and Coordination
- Ventilation System, Dewatering, Mine Infrastructure
- Project Management and Report Writing.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

Underground Mine Planning and Scheduling

- Develop comprehensive short-term and long-term mine plans for underground operations
- Create detailed production schedules and sequencing plans
- Plan and schedule underground development activities including ramps, levels, and infrastructure
- Coordinate mine planning with surface operations and processing requirements
- Mentor and coach national mine engineers
- Optimize mine layouts
- Integrate all underground activities into comprehensive project schedules

Contractor Support and Coordination

- Provide technical support and guidance to underground construction contractors and EPC Superintendent
- Coordinate contractor activities with overall project schedule and requirements

Ventilation System

- Conduct ventilation modelling and airflow analysis using VentSim software working with consultant
- Plan ventilation infrastructure including fans, airways, working with consultant
- Support contractor installation and commissioning of ventilation systems

Dewatering

- Plan & coordinate pumping systems, sumps, and infrastructure; working with consultant.

Mine Infrastructure

- Plan and design underground infrastructure; working with consultant
- Development, review, monitoring, and management of the execution plan
- Technical audits and evaluation, including mining methods, infrastructure, designs, schedules, and financials

Project Management

- Underground planning projects and coordinate with multidisciplinary teams

Report Writing

- Generate weekly and monthly reports.

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit
- Start-up experience an asset
- Strong Deswik skills (Cad & Scheduler).

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Degree in Mining Engineering | • Minimum of 10 years' experience in the mining industry.<br>• 5+ years working experience in Mine Design & Scheduling.<br>• Experience in zinc or other base metal mining is essential.<br>• International experience is desirable<br>• Experience with underground ventilation and dewatering systems. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy- MS Office – Intermediate, Excel – Advanced; MS project – Advanced).<br>• Competent in mining and scheduling software, i.e., Surpac, Datamine, Deswik, VentSim & Strategic planning.<br>• Project planning, Budgeting.<br>• Plan, organise, and execution.<br>• Risk management and assessment.<br>• Analytical and Problem solving.<br>• Technical Report writing, A good knowledge of the mineral reporting codes, including the NI43-101 and JORC code.<br>• Cost modelling | • Communications<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>• Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>• Interpersonal skills.<br>• Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>• Good leadership skills |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**

**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ኩባያ ጸባ

## ዛንታ

“ሶፍት ሶፍት... ጋዜጣ፡ ማስቲካ ኣሎኩም ብኽልተ ናቕፋ...፣” ሓደ ቀጢን፡ ኣብ ኑብሱ ዝለገበት፡ ጥቢቓን ብመርፍእ ዝተሰፍየ ስረን ዝወደየ ኮተቴ፡ ገዛ-ገዛ እናዞረ ብሓውሲ ለመና ዝመስል ቃና፡ “ግዘኡለይ'ባ” ዝዓይነቱ ቃላት የስምዕ ነበረ።

ሃብቶም፡ ነተን ክሸጠን ኣብ ኢዱ ሒዙወን ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ቀኣሳቕስ መመሊሱ ተዓዘበን። ሓንቲ ካብኣተን እኳ ክሸይጥ ኣይከኣለን። ብተሰፋ ምቑራጽ ከኣ፡ “ሎሚስ እንታይ ዓይነት መዓልቲ እያ፧” ብምባል ኣጉረምረመ። ቀጺሉ፡ ዓው ብምባል ነተን ሒዙወን ዝነበራ ዝሸየጣ ንብረቱ ኣወዓውዐን። ሕጂ'ውን እንተኾነ ዝገዝኣሉ ኣይረኸበን።

ሃብቶም፡ ነዊሕ ኮለል ምስ በለ ጥምየት ተሰመዮ። ነተን ኣብ ጁባኡ ዝነበራ ሰናቲም ቈጸረን። ሓንቲ ባኒ ከግዝኣኦ ኣይክእላን ነበራ። ናብታ ኣብ ፊቱ ዝነበረት ገዛ ብምምዕዳው፡ “እሞ ናብዛ ገዛ ኳሕኲሐ እንጀራዶ ሃባኒ ክብለን፧” ብምባል ምስ ኑብሱ ተዛረበ። ናብተን ህንጻታት ገጹ ከኣ ኣምርሐ። ናብ ሓንቲ ካብተን ካንሸሎ ቀሪቡ ድማ ኳሕኰሐ፣ ብሃንደበት ውነኡ ክስሕትን ሓንቲ ምጭውቲ ጓል ማዕጾ ናይቲ ካንሸሎ ክትከፍቶን ሓደ ኮነ። እታ ቈልዓ፡ ብስንባደ ደጊፋ ኣብ ጽላል ምስ ኣዕረፈቶ፡ ናብ ውነኡ ተመልሰ።

እታ ጽብቕቲ ጓል፡ “እንታይ ከምጸኣልካ፧” ብምባል ሓተተቶ።

ሃብቶም፡ “ማይ እባ ኣስትይኒ እዛ ሓፍተይ፡” በላ ብድኹም ድምጺ።

እታ ጓል፡ እቲ ቈልዓ ጠምዩ ከም ዘሎ ስለ ዝተረደኣ፡ ኩባያ ጸባ ሒዛትሉ መጽኣት።

ሃብቶም፡ ነቲ ዘምጽኣትሉ ጸባ፡ ብህርፍርፎት፡ “ጎርዳዕ ጎርዳዕ!” ብምባል እተን ኣብ ኩባያ ዝነበራ ጸባ ክሳዕ ዝጽንቀቓ ሰተየን። ርሑ ከኣ ናብ ንቡር ተመልሰ። ካብ ኮፍ መበሊኡ እናተንስአ ድማ፡ “ሓብተይ፡ ናይዚ ዘስተኽኒ ጸባ ክንደይ ትእውድኒ ትኾኒ፧” በላ ኣተኩሩ እናጠመታ።

እታ ሓላል ጓል፡ ካብ ገጻ ክምስታ ከይፈለየት፡ “እዋይ ተመስገን! ሰንቢደ እንድየ ጸኒሐ። እንቋዕ ደሓን ኮንካ። ኣነ ዝእውደካ የብለይን፡ ኣይትሰከፍ፡” ደገመትሉ ብፈገግታ እናረኣየቶ።

ሃብቶም፡ “ስለምንታይ፧” ሓተታ፡ ብግርህነታን ብሓልዮታን እናተገረመ።

እታ ቀይሕ ሕብሪ እትውንን፡ ካብኡ ብውሕዱ ብኽልተ ዓመት እትንእስ ጓል፡ ሕጂ እውን ክምስታ ከይፈለየት፡ “ምኽንያቱ፡ ኣደይ ኩሉ ግዜ እንታይ ትብለና መሰለካ፧ ‘ንርህራህ ክፍሊት ኣይትቀበሉሉ፡’ ኢላ እያ ምሂራትኒ፡” በለቶ።

ንሱ ከኣ ብልቦናኣን ሓልዮታን እናተደነቐ፡ “የቐንየለይ! መን ኢኺ እሞ ስምኪ፧” ሓተታ።

“ኤደን እብሃል። ንስኻኸ መን ስምካ፧” ኣተኩራ እናጠመተቶ ሓተተት።

“ሃብቶም እየ ዝበሃል፡ ከም ስምኪ ኩሉ እዩ ዝርከበኪ። ካብ ልበይ እየ ዘመስግነኪ። ኣብ ካሕሳኺ የውዕለኒ፡” ኢሉዋ ናይ ሸቐጥ ንብረቱ ጠርኒፉ ብሕጉስ መንፈስ ናብ ሸቐጡ ከደ።

ሃብቶም፡ ካብቲ ገዛ ክእለ ከሎ ኣካላቱ ጥራይ ኣይኮነን ሓይሊ ረኺቡ፣ ኣብ ፈጣርን ሰብን ዝነበሮ እምነት'ውን ኣዝዩ ወሲኹ ነበረ እሞ፡ ‘ምስ ዓበኹ ብዘይ ክፍሊት ንሰባት ክሕግዝ የብቅዓኒ ፈጣሪ፡’ እናበለ ንሰማይ ኣንቃዕረረ። ኣብቲ ደመና ሒዙ ዝነበረ ሰማይ ከኣ ብሩህ ተስፋ ተዓዘበ።



ዓመታት ሓለፈ፣ ሓንቲ መንእሰይ ኣዝያ ስለ ዝሓመመት፡ ናብቲ ኣብ ከባቢኣ ዝነበረ ሕክምና ተወሰደት። ብዛዕባ ሕማማ ደገፍ ንኽህብ ዶክተር ሃብቶም ተደወለሉ። ዶክተር ሃብቶም፡ ስም ናይታ ግዳይ ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ሰምበደ እሞ፡ ናብቲ እታ ዝሓመመት ሰብ ዝነበረቶ ሓውሲ ከተማ ብመኪንኡ ከደ። ተቐላጢፉ ናይ ሕክምና ክዳኑ ብምልባስ ከኣ ናብ ክፍሊ ናይታ ተሓካሚት ከደ። ነታ ተሓካሚት ከለልያ ኣይተጸገመን። ብዝከኣሎ መጠን ንኽትሓዊ ጸዓረላ።

ድሕሪ ክንደይ ቃልሲ፡ እታ ተሓካሚት ሓወየት። ካብቲ ሕክምና፡ ኣብ እትወጸላ ዕለት ዶክተር ሃብቶም ናብቲ ምምሕዳርን ፋይናንስን ናይቲ ሕክምና ብምኻድ፡ ነታ ናይ ክፍሊት ወረቐት ናይታ ጉርዞ ንኽህቦ ብትሕትና ሓተቶ። ንኹሉ ወጻኢታት ናይታ ተሓካሚት ከኣ ከፈሎ። ኣብ ድሕሪ ናይታ ክፍሊት ወረቐት፡ ገለ ጽሑፍ ድሕሪ ምጽሓፍ ናብ ክፍሊ ናይታ ተሓካሚት ሰደደላ።

ኤደን፡ ነታ ናይ ክፍሊት ወረቐት ከፊታ ንኽትርእያ ፈረሐት። ምኽንያቱ፡ ኣማራጺ ስኢና እያ እምበር፡ ዋጋ ናይቲ ክትእለየሉ ዝቐነየት ዘመናዊ ሕክምና፡ ንኽትከፍሎ ልዕሊ ዓቕማ ምዃኑ ኣጸቢቓ ትፈልጥ እያ። ብፍርሂ ኑብሳ ግንብንብ እናበላ ቀስ ኢላ ከፈተታ። ነታ ወረቐት ድሕሪ ምኽፋታ ዋጋ ናይ መሐከሚኣ ረኣየቶ። እቲ ክፍሊት ልዕሊ ዓቕማ ምዃኑ ተረዲኡዋ ስለ ዝነበረ፡ ብተስፋ ምቑራጽ ነታ ወረቐት ክትዓጽፋ ክትብል፡ ብድሕሪት ናይቲ ቅብሊት ጽሑፍ ርእያ ከተንብብ ጀመረት። እታ ጽሕፍቲ ከምዚ እያ ትብል፡ “ኩሉ ዕዳ ናይ መሐከሚኺ ብኹባያ ጸባ ተኸፊሉ እዩ፡” ትብል ነበረት። እቲ ዘገርም ግና፡ ናይታ ኩባያ ጸባ ሓልዮታ ድሮ ረሲዓቶ ምንባራ እዩ።

‘ሰናይ ግበር፡ ንመን ንማንም’ ዝበሃል ከምዚ እዩ። እትገብሮ ሰናይ መኣስ የገልግለካ ኣይፍለጥን እዩ። ስለዚ፡ ወትሩ ሰናይ ንግበር!

ምንጪ፡ English Stories

ትርጉም፡ መም/ ዕቑባይ ተስፋዝጊ

# ኣውደኣመት

## ናይ ምክፋል ግዜ....

ፍቱዋት ተመሃሮ ኣብ ግዜ ኣውደኣመት እንታይ ትገብሩ? እንታይከ ደስ ይብለኩም?

ጽቡቕ፡ ኣብ ግዜ ኣውደኣመት ደስ ዝብለና ነገራት ክህሉ ግድን እዩ። ስድራኹም ኩሉ ግዜ ኣብ ኣውደኣመት ዝገብረልኩም ደስ ከምዝብለኩም ርዱእ እዩ። እንተኾነ ኣውደኣመት ከመይ እዩ ክሓልፍ ዘለዎ? እንታይ እንተገበርናኸ ይሓይሽ? በሉ ንሎሚ ኣብ ግዜ ኣውደኣመት ክትገብርዎም ዘለኩም ነገራት ኣዳሊና ኣለና'ሞ ሰናይ ንባብ!



ቀዳማይ ነገር ኣውደኣመት ብዓቕሚ ስድራኹም ዝሓልፍ ምዃኑ ክትግንዘቡ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ኣብ መንባብሮ ኩልኻትኩም ዝተፈላለየ ዓቕሚ ከምዘለኩም ርዱእ እዩ። ስለ ዝኾነ ሰብ ከም ገዝኡ እምበር ከም ጉረቤቱ ኣይከውንን እዩ። ወለድኹም ዓቕሞም ፈሊጦም በታ ዘላቶም ኣውደኣመት ከሕልፉ እንከለዉ ብሕጉስ መንፈስ ክትቅበልዎ ኣለኩም። እንተ ዘይኮይኑ ጉረቤትኩም በጊዕ ስለ ዝሓረዱ በጊዕ እንተ ዘይተሓረዱልና ብምባል ክትከኮርዩ ይኹን ሕማቕ ክስምዓኩም የብሉን። ካልእ ጉረቤትኩም ክዳን ስለ ዝተኸድኑ ክዳን እንተ ዘይተገዚኡልኩም ሕማቕ ኣውደኣመት ከተሕልፉ ጽቡቕ ኣይኮነን። ወለድኹም ስለ ዘይብሎም እምበር ኩሉ ክገብሩልኩም መኣስ ዝጸልኡ ኮይኖም። እንተ ኾነ ሳእንኻ ማዕረ እግርኻ ስለ ዝኾነ ኩልኹም ከም ቤትኩም ክትነብሩ እዩ ግርማ ዘለዎ። ኣውደኣመት ናይ ሓጉስ መዓልቲ እምበር፡ ናይ ብልዕን ክዳንን መዓልቲ ስለ ዘይኮነ፡ ኣውደኣመትኩም ብብልዕን ብኽዳንን ክትዕቅንዎ ኣይግባእን።

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣውደኣመት እቲ ዝዓበየ ክፋሉ ናይ ምክፋል ግዜ እዩ። እቲ ዘሎዎ ነቲ ዘይብሉ ዘካፍለሉ ግዜ እዩ። ምሃብ ድማ ካብ ንእስነትኩም ክትላመድዎ ስለ ዘለኩም ካብዛ ኣውደኣመት ምክፋል ጀምሩ። ካብቲ ኣብ ቤትኩም ዘሎ ሸሻይ ነቶም ዘይብሎም ኣካፍልዎም። ምስ ሃብኩም ድማ ሓጉስ ክስመዓኩም እዩ፣ ምስ ሃብኩም ሰላም ክህልወኩም እዩ።

ብዛዕባ እዝን ካልእን ምስ ወለድኹም ተዘራረቡ። ኣውደኣመት ናይ ሕውነት ግዜ እዩ። ኣውደኣመት ናይ ምሃብ ግዜ እዩ። ኣውደኣመት ናይ ፍቕሪ ግዜ እዩ። ስለዚ፡ ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲኹም ሕጉስ ኣውደኣመት ኣሕልፉ።

**ርሑስ ኣውደኣመት ንኹልኻትኩም ተመሃሮ!**

## ካርቱን፡ ዕላል ክልተ መዛኑ




## መልሲ ግድል ቍጽሪ

| | | | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | 80 | | | | 3 | × | 3 | = | 9 | | | | 340 |
| | + | | | | × | | | | + | | | | - |
| | 60 | ÷ | 6 | = | 10 | | | | 171 | + | 28 | = | 199 |
| | = | | | | = | | | | = | | | | = |
| | 140 | | | | 30 | × | 6 | = | 180 | | | | 141 |
| | | | | | | | + | | | | | | |
| | | | 12 | + | 28 | = | 40 | | | | 128 | | |
| | | | + | | | | = | | | | - | | |
| | | | 48 | | | | 46 | + | 22 | = | 68 | | |
| 12 | × | 8 | = | 96 | | | | | | | = | | |
| + | | | 60 | | | | | | 78 | + | 60 | = | 138 |
| 38 | | | | | | | | | - | | | | ÷ |
| = | | | | | | | 128 | - | 69 | = | 59 | | 3 |
| 50 | × | 3 | = | 150 | | | | | = | | | | = |
| | | | | | | | | | 9 | | | | 46 |

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ተራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ድርሰት መጽሓፍቲ

ሓንቲ ካብ'ተን ኣብ ስነ ጽሑፍ ቋንቋ ትግርኛ እንኽእለን፡ ንፍልሖት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ጸሓፍቲ ድማ ኣርኣያ ኮይነን ኣለዋ ኢልና እንኣምነለን ጸሓፍቲ ዝኾኑት ጉዳም ተጋዳሊትን ደራሲትን ሰስተር ጉኡት ሰዩም (ሸንም)፡ ሓደ እዋን ምስ መርበብ ሓበሬታ "ሻባይት" ኣብ ዝገበረቶ ቃለ መሕትት ከምዚ ኢላ ነይራ፦

"ንሕና ከም ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ መጠን ውልቃዊ ዛንታታትና፡ ታሪኽናን ተመኩሮታትናን ንምጽዋይ ክንጽሕፍ እንተ ዘይክኢልና፡ መን ደኣ'ሉ እሞ ኣብ ክንዳና ኮይኑ ክጽውየልና? ንሕና ደቂ ኣንስትዮ ኣዝዩ ብዙሕ ዘይተበርበረ ወይ ዝተረስዐ ኣደናቒ ዛንታታት ስለ ዘለና፡ ዝ. በርበረን ዝጸውያልና ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ጋዜጠኛታትን ጸሓፍትን ከድልያና እየን። ኣነ ግን ንፍሲ ወከፍ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ከረጋግጸላ ዝደሊ፡ ገደብ ናይ ምግባር ዓቕሚ ሰማይ ስለ ዝኾነ፡ እንተ ሰሪሓ ኣገዳሲት ፍጥረትን ኩሉ ሃገርን ክትቕይር ትኽእል እያ።"

ሸንም፡ ኣበሃህላኣ ደስ ስለ ዝበለኒ እየ ከም መእተዊ ጽሑፈይ ክጥቀመሉ መሪጸ። ከምቲ ዝበለቶ፡ ንሕና ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ዘለና ናይ ምግባር ዓቕሚ ደረት ኣልቦ ስለ ዝኾነ፡ ንሰራሕ እንተ ተበጊስና ዝደለናዮ ክንበጽሖን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክንበጽሕን ንኽእል ኢና። ዝ. ሓቂ'ዚ ዘረጋግጹልና ብዙሕ መርትዖታት'ውን ክቐርብ ይከኣል እዩ። ሓደ ካብኡ፡ ኣብ ጽላት ትምህርቲ፡ ደቂ ኣንስትዮና ካብ ድሕሪት ተበጊሰን ብሱታፌኦንን መንፍዓተንን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ኣሕዋተን ዝመዓራረያሉ፡ ኣረ ኣብ ገሊኡ ደረጃታት ትምህርትስ ዝዕብልላሉ ኩነታት ተፈጢሩ ምህላው፡ ዝ. ንብሎ ዘለና ዘረጋግጽ ዶ ኣይኮነን? እምበኣርከስ፡ ንሕና ደቂ ኣንስትዮ ደረት ዓቕምና ሰማይ እዩ ክንብል ከለና፡ ንስለ ምግናን ወይ ንስለ ሞራል ኢልና ዘይኮነስ፡ ምቹእ ባይታ እንተ ተጣጢሑልና ወይ ምዕሩይ ዕድላት እንተ ተፈጢሩልና፡ ሰሪሕና ተኣምር ክንፈጥር ከም እንኽእል ብዋዕበ ዘረጋግጽና ምኽንያት ንምምላጽ እዩ።

ከምቲ ደራሲት ሸንም ዝበለቶ፡ ንሕና ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ታሪኽ ባህልን ካልእን መሰረት ዝገበረ፡ ተበርቢሩ ዘይጸንቀቐ ሃብታም ዛንታታትን ተመኩሮታትን ስለ ዘለና፡ ክንጽውየሉን ናብ ወለዶታትና ከሰጋግሮን እንተ ደኣ ኮይንና፡ እተን ቀዳም ናይ ስነ ጽሑፍ ኣፋፍኖት ዘለና ናይ ግድን ክንጽሕፍ ከም ዘሎና ሰበዋ ዘድልዮ ኣይኮነን። ንሕጂ ግን፡ እስከ ታሪኽ ድርሰት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ እንታይ ይመስል? ኣብዚ እዋን ክንደይ ካብ ደቂ ኣንስትዮና እየን ብርዕን ኣልዒለን ዝጽሕፋ ዘለዋ? ኣብ ኩቡሊ. ኣብዮት ንብዙሕ ዝርከቡ ብደቂ ኣንስትዮና ዝተደርሱ መጽሓፍቲ 'ኸ ብሓቂ ደስ ዘብሉ ዶ ኣለዉ? ወዘተ. ዝብሉ ሕቶታት ንመልከት።

ታሪኽ ድርሰትን ሕትመትን ናይ ትግርኛ መጽሓፍቲ (እቲ ሃይማኖታዊ ትሕዝቶ ዘለዎን ካብ ቋንቋታት ባዕዲ ናብ ትግርኛ እናተተርጎመ ኣብ እዋን ሚስዮናውያን ክሕተም ዝጀመረን መጽሓፍቲ ኣብ ግምት ከየእተኻ ማለት'ዩ)፡ ቀዳማይ ምእታው መግዛእቲ ኢጣልያ ናብ ኤርትራ ከም ዝጀመረ'ዩ ዝንገር። "ጦብያ ንኢጣልያ መንገዲ ምስ ጦብላሕታቱን" ዝርእስታ ብፍስሓ ጊየርጊስ ተጻሒፋ ብ1887 ኣብ ሮማ ዝተሓትመት መጽሓፍ ከኣ፡ ቦኽሪ ልቢ ወለዳዊት መጽሓፍቲ ትግርኛ ምዃና ይንገረላ። ብድሕሪኡ ኣብ 1896 "ፌደል ትግርኛ" ዝርእስታ ብደብተራ ፋትሌል ዝተደርሰት፡ ኣብ 1927 ድማ "ሓደ ዛንታ" ዝርእስታ ብኣብ ጉብረእየሱስ ሃይሉ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ ሰዒበን። ብኸምዚ ከኣ፡ ልብወለዳዊ፡ ሓቀኛ ዛንታን ትምህርታዊ ኣስተምህሮታትን ዝሓዘ ዓለማዊ መጽሓፍቲ ናይ ትግርኛ፡ ካብ እዋን ድሮ መግዛእቲ ጥልያን ጀሚሩ ቀጺሉ ብዘበምታ እናሰሰነ ክመጽእ ክኢሉ።

ደቂ ኣንስትዮ'ውን ኣብ ድርሰት መጽሓፍቲ ትግርኛ ስመን ከመዝዮብ ዝጀመራሉ ግዜ - ኣብ እዋን መግዛእቲ ንጉሳዊ ስርዓት ሃይለስላሰ እዩ። ኣብ ታሪኽ ተሰኒዱ ከም እንረኽቦ፡ ኣቦባ ተሰፉጊየርጊስ፡ ዛፈወርቅ ፍስሓ፡ ያይንሸት ጉብረእግዚኣብሔር፡ ሃና ጉብረእግዚኣብሔር፡ ጸዳል በራኺ፡ ጉኡት ሰዩም (ሸንም)፡ ጉዕመሽ ደሱላቕ፡ ሩት ሰምኦንን ካልኦትን፡ ካብ'ተን ንድርሰት መጽሓፍቲ ዝፈወናኦ ወይ ድማ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ምስ ድርሰት መጽሓፍቲ ዝተላለያ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ብቐዳምነት ዝጥቀሳ ጉዳይም ደረስቲ እየን። በዚ. መሰረት፡ ኣብ 1966፡ "ንመን'የ ዝዮገር?" ከምኡ ድማ፡ "መዝታታት መግበን ኣተዓብብያ ሕጻንን" ዝርእስተን ክልተ መጽሓፍቲ ብ ኣቦነ ዛፈወርቅን ተጻሒፈን ክሕተማ እንክለዋ፡ ኣብ 1968 ከኣ፡ "ዋይ ኣነ ደቀይ፡ ሰኣን ምምልካትዶ" ዝርእስታ ብ ኣቦ ዝተጻሕፈት ሳልሰይቲ መጽሓፍ ሰዒባ። ብድሕሪ'ዚ፡ ያይንሸት ጉብረእግዚኣብሔር ኣብ 1970 - "ታሪኽ ኢትዮጵያ ምስ ሕጻር ዝበለ ዛንታ ዓለም"፡ ሃና ጉብረእግዚኣብሔር ኣብ 1976 - "መኣዘታት መግቢ ኣብ ጥዑይ ኣእምሮ"፡ ጸዳል በራኺ. ኣብ 1986 - "መግበን ኣመጋግባኡን"፡ ኣለሚቱ ኢብሳ ኣብ 1972 (ግእዝ) – "ወሎዖት ዘድልየን ጥንቃቐ"፡ ጉኡት ሰዩም ድማ ኣብ 1987 – "ሸንም" ዝርእስቶን መጽሓፍቲ ምስ ኣንበበቲ ኣላልየን። ብፍላይ እተን ኣብ 1960ታትን 1970ታትን ዝተሓትማ፡ "ንመን'የ ዝዮገር?" ከምኡ ድማ "ዋይ ኣነ ደቀይ፡ ሰኣን ምምልካትዶ" ዝርእሰትን ክልተ ልብወለዳውያን መጽሓፍቲ፡ ብዘይዳ ንመንእሰያት ዝምልከት መሳጢ. ትሕዝቶ ስለ ዝበረን፡ ኣብቲ እዋን ዳርጋ ኣብ ኢድ ኩሉም መንእሰያት በጺሐን ነይረን ክበሃል ይከኣል።

ቀዳሞት ናጽነት፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ጭቆና፡ ኣድልዎን ካልእ ዝተፈላለየ ወጽዓታትን ስለ ዝበረን፡ ኣብ ስነ ጽሑፍ ተሳታፍነተን ብመንጽር ደቂ ተባዕትዮ ኣዝዩ ድኑት ወይ ሰማዊ እዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ድሕሪ ናጽነት ግን፡ እቲ ጾታዊ ማዕርነት ዝፈጠረለን ሰፊሕ ዕድላትን ኣግኢዞ፡ ኣብ ስነ ጽሑፍ ሃገርና ኣበርክቶአን ከዕዝዝ ጀሚረን። ሎሚ፡ ንቑጽሪ ናይ'ተን ብትግርኛን ካልኦት ቋንቋታት ሃገርናን ባዕድን እናጸሓፋ ንሸውሃት ኣንበብቲ ከርውያ ዝጽዕራ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ደረስቲ እንተ ተመልኪትና፡ ተራ ደቂ ኣንስትዮና ኣብ ዕብየት ስነ ጽሑፍ ሃገርና ደንፊዑ ምህላዉ. ኢና ክንርድኦ እንኽእል። ይኹን'ምበር፡ ሱታፌና ኣብዚ. ዓውዲ'ዚ. ናብቲ ዝድለ ደረጃ ክየቢ. እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ብሕጂ ብዙሕ ሰራሕ ከድልየና ምዃኑ ክንዘንግዖ ኣይግባእን።

ሓቂ'ዩ፡ ጸሓፋይ ዝሰዕቦ ኣንባቢይ እንተ ዘይረኺበ፡ ወይ ናይ ማሕተም ወጻኢታቱ ካብ ኣታዊታቱ ዝዛይድ እንተ ኾይኑ፡ ምስ ተሃኑ እንክሎ ብርዑ ደርብዩ ምስ ስነ ጽሑፍ ክፋታሕ ወይ ክኩረ ይኽእል እዩ። እንተ'ኾነ፡ ዝ. ተግባር'ዚ፡ እቶም ሰሩት ጸሓፍቲ ጥራሕ ዘውዕሉዎ ምኽንያም ምፍላጥ ከኣ ኣገዳሲ. እዩ። ከመይሲ፡ ሰብም ጸሓፋይ፡ ኣንባቢይ ንድርሰታቱ ክስዕቦን ካብ ድርሰታቱ ክሃድግን ዝጉብር ምስጢር ኣብ ኢዱ ምኽኑ ኣዳዕዳይ ስለ ዝፈልጥ፡ ኩሉ ግዜ ብሕጽረት (ዋሕዲ) ኣንበብቲ ከየማረረ ንዕብየት ሞያኡ ተወፍዩ እዩ ዝሰርሕ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣንበብቲ ኣብይ ኣለኻ እናበሉ ባዕሎም ክደልዩዎ ይጅምሩ። ስለዚ፡ እዘን ኣብ ድርሰት መጽሓፍቲ ገለና ታተ ንብል፡ ገለና ድማ ንስገም ዘለና ደቂ ኣንስትዮ'ውን ኣሰር ናይ'ዞም ሰቦማት ጸሓፍቲ ብምስዓብ ንሞያና ኣፍቅሮ፡ ነኽብሮ፡ ግዜ ንሃቦ ዋጋ ከኣ ንኸፍሎ - መታን ተመሊሱ ክኽሕሰና ከም መሳልል ኮይኑ ናብቲ ንምጽ ዝበርኸ ደረጃ ዕብየት ክደይበና!



## ካብ ሃበርም ደረስቲ ደቂ ኣንስትዮ ዓለም

እንግሊዛዊት ኣጋትሳ ክሪስቲ፡ ብድርሰት መጽሓፍቲ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ዓለም መወዳደርቲ ዘይረኸበት ዘላ ደራሲት እያ። ንሳ፡ ኣብ'ተን ኣብዛ ዓለም ብህይወት ዝጸንሓትለን 70 ዓመታት ብድምር 904 ዝተፈላለዩ ናይ ፍቕሪ ልብወለዳዊ መጽሓፍቲ ብምድራስ እያ ስማ ክተድምቕ ክኢላ ዘላ። ጓል ዓዳ ዝኾነት ባርባራ ካርትላንድ ድማ፡ 728 መጽሓፍቲ ብምድራሳ፡ ካልኣይቲ ዝበዝሐ መጽሓፍቲ ዝጸሓፈት ደራሲት ብምዃን ንካትሊን ሊንድሰይ ትስዕባ። ባርባራ፡ ኣብ ዓመት ክሳብ 23 መጽሓፍቲ ትደርስ ከም ዝነበረት'ዩ ዝንገረላ።

ኣጋታ ክሪስቲ እውን እንግሊዛዊት ደራሲት እያ። እዛ ወርይቲ ደራሲት፡ ኣብ ድርሰት ካብ ዝዮጥፋ ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ዝበዝሐ ቅዳሕ መጽሓፍቲ ክትሽይጥ ብምኽኣላ፡ ስማ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ብፍሉይ ሰፊሩ ይርከብ። እዛ 'ንግስቲ ገበን' ብዝብል ቅጽል ስም እትፍለጥ ደራሲት፡ ኣብ ዕምራ ምሉእ 66 ገበናዊ ትሕዝቶ ዘለዎምን 14 እኩባት ሓጸርቲ ዛንታታት ዝሓዙን ተኻቢቢ መጽሓፍቲ'ያ ንሕትመት ኣብቂዳ። እቶም ድሒሮም ናብ 44 ዓበይቲ ቋንቋታት ዓለምና ዝተተርጎሙ መጽሓፍታ ከኣ፡ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ብድምር ልዕሊ 2 ቢልዮን ቅዳሕ ተሸይጦም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣመሪካዊት ደንኤል ስቲል ልዕሊ 800 ቅዳሕ፡ እንግሊዛዊት ኢኑድ ብሊይተን ልዕሊ 600 ቅዳሕ፡ እንግሊዛዊት ጀይ.ከይ. ሮውሊን ልዕሊ 600 ቅዳሕ፡ ከምኡ ድማ እንግሊዛዊት ባርባራ ካርትላድን ልዕሊ 500 ቅዳሕ ዝተሸጡ ብሉጻት መጽሓፍቲ ኣብ ዓለም ከበርክታላ ክኢለን እየን። ብፍላይ ዳኔለ ስቲል፡ ካብ'ተን ብህይወት ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ደረስቲ ዝበዝሐ መጽሓፍቲ ዝሸጠት ስለ ዝኾነት፡ ዝናኣ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም መዳርግቲ የብሉን።

ጃይን ኣስትን ዝተባህለት ካልእ እንግሊዛዊት ደራሲት ድማ፡ ክሳብ ሕጂ ብደቂ ኣንስትዮ ደረስቲ ካብ ዝተጻሕፉ ሚልዮናት መጻሕፍቲ እታ ዝበለጸት መጽሓፍ ዝጸሓፈት ተባሂላ ብዝበዝሑ ኣንበብትን ሃያስትን ዝተረቐሐት እያ። ንሳ፡ ነታ ብቋንቋ እንግሊዝ ዝተጻሕፈት "Pride and Prejudice" ዝርእስታ ፍቕራዊት ልብወለዳዊት መጽሓፋ፡ ኣብ 1813 ዓ.ም እያ ኣሕቲማ ምስ ኣንበብቲ ኣላልያታ። ክትደርሳ እንከላ ድማ፡ ጓል 20 – 21 ዓመት መንእሰይ ምንባራ ይንገረላ።

ኣብዚ. እዋን ጓል 61 ዓመት ኮይና ዘላ'ን ብተን 'ሃሪ ፖተር' ዝርእስተን ተኸታተልትን ኣደናቕትን ልብወለዳዊ መጽሓፍታ ብዘይዳ እትፍለጥ ጀይ.ከይ ሮውሊን ድማ፡ ኣብ ዓለም እታ ዝበዝሐ ቅዳሕ ዝተሸጠት ብርቂ መጽሓፍ ዝደረሰት ብዓልቲ ፍሉይ ተውህቦ ደራሲት እያ። እዛ እንግሊዛዊት ጸሓፊት፡ ነታ "Harry Potter and the Sorcerer's Stone" ዝርእስታ ናይ ፋንታዚ. (ሕልማዊ) መጽሓፋ፡ ኣብ 1997 ኣብ ኣመሪካ ኣሕቲማ ምስ ኣንበበቲ ድሕሪ ምልላያ፡ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 120 ሚልዮን ቅዳሕ ተሸይጣ ኣላ። እታ "Harry Potter and the Half-Blood Prince" ዝርእስታ ኣቐዲማ ዝሕተመታ ካልእ መጽሓፋ ድማ፡ ናብ ኣንበብቲ ምስ ተዘርግሐት ኣብ ውሽጢ. 24 ሰዓታት ጥራሕ 6.9 ሚልዮን ቅዳሕ ክትሽየጥ ብምኽኣላ፡ ኑቲ ብኻልኦት መጽሓፍቲ ተታሒዙ ዝነበረ ክብረ ወሰን ክትሰብሮ ክኢላ'ያ።

ከዴጃ ኢብራሂም



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቶኒ፡ ንሊግ ስዑዲ ዓረብ . . .

ኣጥቃዒይ ኣል ኣህሊ - ኢቫን ቶኒ፡ ኣብ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ሌላን ጉሌላን ይግበር ከምዘሎ ብምሕባር፡ ዓቢን ኣዛራብን ዛዕባ ከፊቱ።

ኣል ኣህሊ፡ ረቡዕ ምሸት ምስ ኣል ፋይሓ 1-ብ1 ኣብ ዝተፈላለየትሉ ናይ ሊግ ጸወታ፡ ፍጹም ቅላዕ ከምዝተኸልአት እዩ ዝገልጽ - ቶኒ።

በዚ ወጽኢት ከኣ 28 ግጥማት ኣሰላሲላ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ኣል ኣህሊ፡ ካብ መራሒት ናይቲ ሊግ ዘላ ብክሪስቲያኖ ሮናልዶ እትቕለስ ኣል ነስር፡ ብኣርባዕተ ነጥቢ ድሒራ ኣላ። ኣል ነስር፡ ንጎደሎ ጸወታኣ ሎሚ ምስ እትዕወተላ፡ ፍልልይ ናብ ሸውዓተ ነጥቢ ክዓርግ እዩ።

ቶኒ፡ ኣብቲ ማዕረ ዝተፈላለዩሉ ግጥም፡ ንሱን ደቂ ጋንታኡን ምስ ማእከላይ ዳኛ ኣብ ዝዘራረብሉ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤሽያ ከተኩሩ ከምዝለምም ከም ዝሓበሮም ገሊጹ።

"ከም ዝመስለኒ፡ እቲ ዝዓበየ ኣዛራቢ ጉዳይ ናይተን ክልተ ክወሃባና ዝግበኣን ፍጹም ቅላዕ እዩ። ምሉእ ወቕቲ ንጹር ፍጹም ቅላዕ ይወሃብ ነይሩ፣ ኣብዚ እዋን ግን፡ ጸንከር ኩነታት ኣለና - ተቐይሩ።" ክብል፡ ኣማሪሩ።




ብዘይካዚ፡ እዚ እንግሊዛዊ፡ ካብተን ዘይተወሃባወን ፍጹም ቅላዕ መን ከምዝረብሕ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "መን ምኳኑ ንፈልጥ ኢና፣ እቲ ንሕና ንስዕቦ ዘለና።" ክብል፡ ብዘዘዋዋሪ መገዲ ሮናልዶ ይረብሕ ምህላዉ ኣእንፊቱ።

ጸሓፊ'ውን ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ኣብሉ፡ "ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣገዳሲ ጉዳይ ከመይ ኢልካ ዚ ፍጹም ቅላዕ ትሃጥሮ ወይ ዓይንኻ ዕምጊትካ ክትሓልፎ ትመርጽ። ኣብዚ እንታይ ይጸሉ ኣሎ ንጹር'ዩ። ተሓጋጋዚት ቪድዮ ዳኛት (ቫር) እንክሎ፡ ዳኛ ኣብ ዝተፈልየ ውድድር ኣተኩሩ ምባሉ፡ ይገርም እዩ።" ክብል ጽሒፉ።

ጋሉና ዝተባህለ ወዲ ጋንታኡ ንቶኒ'ውን "ኒታ ዋንጫ ሃብዎም፣ ንሱ ኢኹም ደሊኹም። ንዓና ብዘዕግብ ከውድቑና እዩ ድሌቶም። ኒታ ዋንጫ ከኣ ንሓደ ሰብ ክሀብዎ እዩ ባህጎም። ንክልቢት ክብረት ዝኸልእ እዩ።" ክብል ጽሒፉ። ኑቲ ሓደ ሰብ ዝበሎ ከኣ ንሮናልዶ ምኳኑ ይግለጽ።

እንተላይ ኣል ኣህሊ፡ ዚ ጉዳይ ዘይፍትሓዊን ዘይቅቡልን ክትብል፡ ብጌጋታት ዳኛት ዘይዕጉብቲ ገሊጹ።

ካብ 27 ግጥማት 70 ነጥቢ ኣኪባ ዘላ ኣል ነስር፡ ንካልኣይቲ ዘላን 28ን ግጥማት ኣሰላሰላ ትርከበን ኣል ሂላል፡ ብክልተ ነጥቢ በሊጻታ ኣላ። ሎሚ ምስ እትዕወት፡ ፍልልይ ናብ ሓሙሸተ ክብ ክብል እዩ። ኩለን ክለባት ከኣ ሸሽዱሽተ ግጥማት ይተርፈን። ኣል ነስር፡ ሻምፕዮን ምስ ትኸውን ከኣ ኣብ ኣርባዕተ ወቕቲታት ንፈለማ ግዜ ናይ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ዋንጫ ከልዕል እዩ - ሓለቓኣ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ።

## ማከኒ፡ ኣብ ልዕሊ ሮናልዶ ዘለዎ ኣድናቖት ገሊጹ

ኣከፋፋሊ ጁቬንቱስ - ወስቶን ማከኒ፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ቅድም ወዲ ጋንታኡ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ዘለዎ ኣድናቖት ገሊጹ።

ሮናልዶ፡ ኣብ 2018 ካብ ሪያል ማድሪድ ወጺኡ ናብ ጁቬንቱስ ምጽምባሩን ንሰለስተ ወቕቲታት ምጽዋቱን ይዝከር። ኣብ ዓመተ ስፖርት 2020-21 ከኣ፡ ማከኒ፡ ምስዚ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ዝጽዋዕ ፖርቱጋላዊ ክጻወት በቒዑ ነይሩ።

እዚ ኣከፋፋሊ፡ "ምስ ሮናልዶ ምጽዋት ዘደንቕ እዩ። ምስ ረኺብኩዎ፡ ብዛዕባቲ ፕሮፈሽናሊዝም ዝነበሮ ዝበረ ምሉእ ብምሉእ ሓቂ ኮይኑ ረኺበዮ። ካብ ጸወታ ምስ ተመለስና፡ ንሱ ኣብ ክንዲ ንገዛኡ፡ ናብ በረድ ዘለዎ መሕጸቢ ኑቢ ይኸይድ። ድሕሪ ከቢድ ጸወታ፡ ኣብ ጂምናዝዮም ልምምድ የካይድ። እዚ ድማ፡ ብዓይነይ ርእየ ክኣምን ድልየተይ ዝበረ።" ክብል ኑቲ ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ሮናልዶ ዝበልዎ ብዓይኑ ርእዩ ከምዝኣመነ ገሊጹ።



ሮናልዶ    ማከኒ

## ቸልሲ - ማን ሲቲ

ዳናይት ተስፋዝጊ

ብኣህጉራዊን ካልእ ናይ ወሸጣዊ ግጥማትን ኣዕሪፉ ዝቖየ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኣብዚ ሰሙን ሰሪሕዎም ካብ ዘሎ ጸወታታት፡ እቲ ዝዓበየ ኣቓልቦ ረኺቡ ዘሎ ግጥም፡ ጸባሕ ሰንበት ቸልሲን ማንቸስተር ሲቲን ዝራኸባሉ ግጥም እዩ።

እዘን ጋንታታት፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ 181 ግጥማት ተራኺበን፡ ቸልሲ ኣብ 71 ክትዕወት እንከላ፡ ሲቲ ኣብ 67 ጸወታታት ስዒራታ። ኣብ ዝተረፈ 43 ግጥማት ማዕረ ተፈላልየን።

ይኹን እምበር፡ ቸልሲ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 29 ግንቦት 2021 ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ንማን ሲቲ ሰዒራ ዋንጫ ምልዓላ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ኩሉ ውድድራት ኣብ 10 ግጥማት ክትስዕራ ተጸጊማ ትርከብ። በዚ ድማ፡ ጸባሕ ኣብ ሜዳኣ እተካይዶ ናይዚ ወቕቲ ኣገዳሲ ርክብ፡ ክትዕወት ምሒር ዘገድሳ ኮይኑ ኣሎ።

እዘን ዓበይቲ ክለባት ኣብ ዝተራኸባሉ ጸወታ ንሓድሕደን 6-ብ0 ዝተሰዓዓራሉ፡ እቲ ዝሰፍሐ ውጽኢተን እዩ። ቸልሲ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ 2007-08፡ ሲቲ ድማ፡ ኣብቲ ሰርጆ ኣጉዌሮ ሃትሪክ ዝሰርሓሉ ናይ 2018/19 ዓመት ውድድር ንቸልሲ ዘንበርከኸትሉ እዩ። ናይ ቀረባ ዝጠዘለ ሸቶታት ዝተዘመገቦ ጸወታኣን ከኣ ኣብ ሕዳር 2023 - 4-ብ4 ዝተፈላለያሉ ናይ ሊግ ግጥም እዩ።

ሻዱሻይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ቸልሲ፡ ሳልሳይ ተኸታታሊ ናይ ሊግ ስዕረት ንኸይተመዝግብ ተጠንቂቓ እትኣትዎን ንቡታ ሻምፕዮንስ ሊግ ከተውሕስሉ እትኽእል መንገዲ ንምንዳይን እዩ ክኸውን። እንተተሳዒራ ከኣ፡ ድሕሪ 2023 ንመጀመርያ ግዜ ንተኸታታሊ ግዜኣ ኣብ ፕሪመር ሊግ ዝተሳዕረትሉ ግዜ ክትዝክር ኢያ።

ካልኣይቲ ዘላ ሲቲ ከኣ፡ ኣብ ቅልስ ንሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ምስ መራሒት ዘላ ኣርሰናል ዘለዋ ፍልልይ ናይ ትሽዓተ ነጥቢ ፍልልይ (ኣርሰናል ሎሚ ንቦርንማውዝ እንተሰዒራታ፡ ፍልልይ ናብ 12 ክብ ክብል እዩ) ንምጽባብ ክትሰርሕ ኢያ። መበል 31 ግጥማት እተካይድ ሲቲ፡ ሓንቲ ጎደሎ ጸወታ'ውን ኣለዋ። ንቸልሲ፡ መበል 32 ግጥም ኢያ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ንኹሉ 380 ጸወታታት ፕሪመር ሊግ ግምታቱ ዝሀበሉ ናይ ቅድም ተጻዋታይን ኣሰልጣኒን ናይ ሕጂ ተንታኒ ስፖርት እንግሊዛዊ ክሪስ ሱቶን ንኣተሓሕዛ ኣሰልጣኒ ቸልሲ ሊያም ሮዜኒር ኣብ ልዕሊ ኣከፋፋሊኡ ኢንዞ ፈርናንደዝ ተቓዊሙ።

ኢንዞ፡ ዝሓለፈ ሰሙን መጺኡ ኣብዛ ጋንታ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ዘረባን ኣብ ከተማ ማድሪድ ክነብር ከምዝደሊን ድሕሪ ምዝራቡ፡ ብዕላማዊኡ ንክልተ ግጥማት ተቐጺዑ ኣሎ። ዝሓለፈ ሰሙን ቸልሲ ንፖርት ቫለ 7-ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ናይ ኤፍ ኤ ካፕ ጸወታ ክበኩር እንከሎ፡ ጸባሕ'ውን ኣይክጻወትን እዩ።

ኢንዞ፡ ንዘዕበዮ ክለብ ክስለፈላ ምጥቃሱ መሰሉ ምኳኑ ዝገለጸ ሱቶን፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣንጻር ሲቲ ሹቶ ዘመዝገበን ሓደ ካብ ብሉጻት እዛ ጋንታን ዝኾነ ኣርጀንቲናዊ ካብ ጸወታ ምእላዩ፡ ንውሳነ ሮዜኒር ሕማቕ ክብል ነቒፍዎ። ኢንዞን ንውሳነ ቸልሲ "ዘይፍትሓዊ" ክብል ዝቖጸረ ወኪሉ ጃቪር ፓስቶረን ድሕሪኡ ይቕረታ ሓቲቶም እዮም።

ሱቶን ብተወሳኺ፡ ንሲቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኣርሰናልን ሊቨርፑልን ብዘመዝገቦ ዓወት ኣብ ጽቡቕ ቁመና ከም ዘላ ብምጥቃስ፡ ዚ ናይ ጸባሕ ጸወታ 2-ብ1 ክትዕወተሉ ግምቱ ሂቡ ኣሎ።

## ሮበርትሰን፡ ካብ ሊቨርፑል ክወጽእ እዩ

ናይ ጺጋም ክንፊ ተኸላኻሊ - ኣንዲ ሮበርትሰን፡ ምስ ምዝዛም'ዚ ወቕቲ ምስ ክለቡ ሊቨርፑል ዘለዎ ውዕል ወዲኡ ክፋና ምኳኑ ኣፍሊጡ።

ኣብ 2017 ካብ ሃል ሲቲ ናብዛ ዓባይ እንግሊዛዊት ክለብ ብቕምንት ሚልዮን ፓውንድ ዝተጸምበረ ሮበርትሰን እቲ ዝበለጸ ትሸዓተ ዓመታት ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብዛ ጋንታ ኣሕሊፍዎ። ክልተ ናይ ፕሪመር ሊግን ሓንቲ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግን ዝርከብዎም ሸዱሸተ ዋናጩ ድማ ዓቲሩ።

እዚ ወዲ 32 ዓመት ስኮትላንዳዊ፡ "ከም ዝመስለኒ፡ ናይ ምፍናው ግዜ ሕጂ እዩ። ዝሓለፈ ትሸዓተ ዓመታት ተመሊሰ ክርእዮ እንክለኹ፡ ሓጎስ እዩ ዝስመዓኒ።" ክብል ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ወግዓዊ ገይሩ።

ሮበርትሰን ኣብ ዝሓለፈት ወርሒ ጥሪ ኣብ ዕላማ ቶተንሃም ኣትዩ ነይሩ። እንተኾነ፡ ሊቨርፑል ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ ንዘሰለፍ ተጻዋታይ ክትረክብ ሰሚካ ብልቓሕ ካብ ዝሰደደቶ ክለብ ሮማ ክትመልሶ ስለዘይከኣለት፡ እቲ ማስርሕ ክቋረጽ ወሲና።

ኣብዚ ወቕቲ ምስ ምፍራም ሚሌሳ ከርከዘ ናይ ምስላፍ ዕድሉ ዝሰሓወ ሮበርትሰን፡ ዛጊት ኣብ 373 ግጥማት ማልያ ሊቨርፑል ወድዩ ይርከብ።



## ግምታት ክሪስ ስቶንን ኮምፕዩተርን ኣብ መበል 32 ሰሙን

| | | |
|---|---|---|
| ኣርሰናል - ቦርንማውዝ | ብሬንትፎርድ - ኤቨርተን | በርንሊ - ብራይተን |
| ስቶን 2 - 0 | 1 - 1 | 0 - 1 |
| ኮምፕዩተር፡ 1 - 0 | 1 - 1 | 1 - 2 |
| ሊቨርፑል - ፉልሃም | ፓላስ - ኒውካስል | ኖቲንግሃም - ኣስቶን ቪላ |
| ስቶን 2 - 2 | 1 - 1 | 1 - 1 |
| ኮምፕዩተር፡ 2 - 1 | 0 - 0 | 1 - 2 |
| ሳንደርላንድ - ቶተንሃም | ቸልሲ - ማን ሲቲ | ማን ዩናይትድ - ሊድስ |
| ስቶን 1 - 0 | 1 - 2 | 2 - 1 |
| ኮምፕዩተር፡ 1 - 3 | 1 - 2 | 3 - 1 |

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ ማበል 32 ሰሙን

ኣርሰናል - ቦርንማውዝ 2:30 ድ.ቀ

ብሬንትፎርድ - ኤቨርተን 5:00 ድ.ቀ

በርንሊይ - ብራይተን 5:00 ድ.ቀ

ሊቨርፑል - ፉልሃም 7:30 ድ.ቀ

ላ'ሊጋ ማበል 31 ሰሙን

ባርሴሎና - እስፓኞል 7:30 ድ.ቀ

ሰቪያ - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 10:00 ድ.ቀ

ሰሪ'ኣ ማበል 32 ሰሙን

ኤሲ ሚላን - ኡዲኔዘ 7:00 ድ.ቀ

ኣታላንታ - ጁቬንቱስ 9:45 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሩስያን ዩክሬንን፡ ብምኽንያት በዓል ፋሲካ ተኹሲ ደው ከብላ ተሰማሚዐን

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን፡ ብምኽንያት በዓል ፋሲካ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ዩክሬንን ዝቐጽል ዘሎ ምልውዋጥ ናይ ተኹሲ፡ ን32 ሰዓታት ደው ክብል ምኻኑ ኣፍሊጡ።

ድሕሪ እቲ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሃገሩ ነቲ ብፌደረሽን ሩስያ ዝተወሰደ ተኹሲ ናይ ምቁራጽ ስጉምቲ ብእወታ ከም እተቐበሎ ኣረጋጊጹ።

ክረምሊን ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ ተኹሲ ናይ ምቁራጽ ስጉምቲ፡ ቀዳም ጀሚሩ ክሳብ ሰንበት ፍርቂ ለይቲ



ክጸንሕ ምኻኑ ኣጺሩ።

ብመሰረት እቲ መግለጺ፡ ኣብ ወሽጢ'ቲ ተጠቒሱ ዘሎ ግዜ፡ ሰራዊት ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ዝኾነ ወተሃደራዊ ስርሒታት ከየካይድ መምርሒ ዝተዋህቦ ኮይኑ፡ ብወገን ዩክሬን ኑቲ ስምምዕ ዝጥሕስ ዝኾነ ምንቅስቓስ ምስ ዝዕዘብ ግን፡ ግብረ መልሲ ክህብ ምኻኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ብወገኑ፡ ድሕሪ በዓል ፋሲካ፡ ፌደረሽን ሩስያ ናብ መጥቃዕቲ ንኸይትምለስ ዕድል ከም ዘለዋ ኣተሓሳሲቡ ኣሎ።

ዝሓለፈ ዓመት እውን፡ ብተመሳሳሊ ምኽንያት ኣብ መንጎ ሞስኮን ኪየቭን ዝተወሰደ ተኹሲ ናይ ምቁራጽ ስጉምቲ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ሰዓታት ብጥሕሰት ከም እተቛረጸ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ትራምፕ፡ ኢራን ብመጻብቦ ሆርሙዝ ንዝሓልፉ መራኽብ ከይተኽፍል ጸዊዑ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን ነተን ብመጻብቦ ሆርሙዝ ዝሓልፋ ንግዳውያን መራኽብ፡ ክፍሊት ከተኽፍለን ከም ዘይብላ ኣተሓሳሲቡ።

ብሸነኺ ኣብ መንጎ ኣመሪካ፡ እስራኤልን ኢራንን ዝተኻየደ ኩናት፡ እቲ 20 ሚእታዊት ካብ ኑዳዊ ዓለምና ዝሓልፈሉ መጻብቦ ሆርሙዝ ድሕሪ ምዕጻው፡ ኣብ ታሪኽ ዓለም እቲ ዝኸፍአ ምዝንባዕ ናይ ቀረብ ጸዓት ከም ዘጋጠመ እዩም ምንጭታት ዝገልጹ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ ኢራን ነተን ብመጻብቦ ሆርሙዝ ዝሓልፋ ናይ ጽዕነት መራኽብ ተኽፍለን ከም ዘላ ዝገልጽ ጸብጻባት ከም ዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ጸብጻባት ሓቂ እንተ ኾይኑ፡ እታ ሃገር ኑቲ ናይ ምኽፋል ስጉምቲ ብቕልጡፍ ከተቋርጾ ዝሓሸ ምኻኑ ኣጠንቂቑ።



ጋዜጣ 'ፋይናንሻል ታይምስ' ንኣፈኛ ሕብረት ሰደድቲ ኑዳዊ፡ ጋዝን ፔትሮኬሚካልን ኢራን ሓሚድ ሑሴኒ ብምጥቃስ ኣብ ዘውጽኦ ሓበሬታ፡ ኢራን ብመሰረት እቲ ምስ ኣመሪካ በጺሓቶ ዘላ ንኽልተ ሰሙን ዝጸንሕ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ፡ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ዘለዋ ቁጽጽር ንምዕቃብ፡ ነተን ብኡኡ ዝሓልፋ መራኽብ ክፍሊት ክትሓተን ምኻና ሓቢሩ።

ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዘካየድኦ ልፍንታዊ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ፡ ከምኡ'ውን እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ብእትቕጽሎ ዘላ መጥቃዕትታት፡ ኣሽሓት ሰባት ክቕተሉ እንከለው፡ ካልኦት ሚልዮናት ከኣ ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ ይሕበር።

ዝሓለፈ ሰሉስ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሃገሩን ኢራንን ተኹሲ ንምቁራጽ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሓ ምሕባሩ ይዝከር።

## ሩስያ፡ ንእገዳ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኩባ ትኹንን



ፌደረሽን ሩስያ፡ ኑቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኩባ ኣጽዲቓቶ ዘላ ናይ ጸዓት እገዳ ብምኹናን፡ ነታ ደሴታዊት ሃገር ዘለዋ ደገፍ ደጊማ ከም ዘረጋገጸት፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ናይታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ሃቫና - ኩባ ዝተኻየደ ፖለቲካዊ ምምኽኻር፡ ምክትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌይ ርያብኮቭ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኩባ ኣጸኒዓቶ ዘላ ናይ ቁጠባ ንግዲ፡ ገዚዚብን ጸዓትን እገዳ ብትሪ ከም ዝኾነኖ፡ እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ መግለጺ፡ ሩስያ ንኩባ ኣድላዪ ሓገዝ ንኽተቕርበላ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ዝቐጽል ክልተኣዊ ዝርርብ ንምሕያል ዘለዋ ድልውነት ደጊማ ኣረጋጊጻ'ላ።

ብተወሳኺ፡ ክልተአን ሃገራት፡ ኣብቲ ብሓይሊ ወገን ዝቐጽል ናይ ምግዳድ ስጉምቲ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ልኡላውያን ሃገራት ምትእትታውን ብሓያላት ሃገራት "ዘይተደልዩ" መግለጺታት ንምእላይ ሓይሊ ምጥቃምን ዘለወን ተቓውሞ ኣተኩረን ከም ዝዘተያ'ውን ተገሊጹ።

## ሰሜን ኮርያ፡ ፈተነ ዝተራቐቑ ኣጽዋር ኣካዪዳ

ሰሜን ኮርያ፡ ሓያሎ ፈተነታት ዝተራቐቑ ኣጽዋር ከም ዘካየደት፡ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ሓቢረን።

እቲ ፈተነ ንተኸታታሊ ሰለስተ መዓልታት ዝተኻየደ ኮይኑ፡ እንተላይ ባለስቲካዊ ሚሳይል ዘጠቓለለ ምንባሩ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኑቲ ፈተነታት ዝተዓዘበ ሓደ ካብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ሰ/ ኮርያ ዝኾነ ጀነራል ኪም ጆንግ-



ሲክ፡ ኤለክትሮማግኔቲካዊ ኣጽዋርን ቦምባታት ግራፋይትን፡ ንዓቕሚ ምክልኻል ሃገሩ ብፍሉይ ዘኾልብኡ ምኻኖም ኣረዲኡ።

እቲ ፈተነታት፡ ወጥሪ ሓውሲ ደሴት ኮርያ እናኸረረ ይመጽእ ኣብ ዘለወሉ እዋን እዩ ዝተኻየደ ዘሎ።

ዝሓለፈ ወርሒ፡ መራሒ ናይታ ሃገር ኪም ጆንግ ኡን፡ ንኣመሪካ ክርዕድ ዝኽእል ዓቕን ኣጽዋር ምውናን፡ ንሰሜን ኮርያ ካብ ሸበራን መጥቃዕቲ ኣመሪካን ከድሕና ዝኽእል እንኮ መንገዲ ምኻኑ ኣተሓሳሲቡ ነይሩ።

ቦምባታት ግራፋይትን ኤለክትሮማግኔታዊ ኣጽዋርን፡ ከም ኣብ ስርዓት ራዳርን ነፈርቲ ኩናትን ዝኣመሰሉ ወተሃደራዊ መሳርሒታት ንዝርከብ ኤሌክትሮኒካዊ ዋሕዚ ንምስናኻል ዘገልግሉ ዝተራቐቑ መሳርያታት እዮም - ብመሰረት ጸብጻባት።

## ኣውስትራልያን ሲንጋፖርን፡ ኣብ ጸዓት ምትሕብባረን የሐይላ

ትማሊ ዓርቢ፡ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣውስትራልያ ኣንቶኒ ኣልባኒዝ ምስ ሲንጋፖራዊ መዘናኡ ሎረንስ ዎንግ ኣብ ሲንጋፖር ኣብ ዘካየዶ ዘተ፡ ውሕስነት ጸዓት ናይ ክልተአን ሃገራት ንምርግጋጽ ዘለዎም ምትሕብባር ከሐይሉ ከም ዝተሰማምዑ ተሓቢሩ።

ኣብ ኤሲያ ማእከል ንግዲ ኑዳዊ ዝኾነት ሲንጋፖር፡ ንኣውስትራልያ ዝዓበየት ኣቕራቢት ዝተጻረየ ኑዳዊ ምኻና'ዩ ዝንገረላ።

እቶም መራሕቲ፡ ውሕስነት ጸዓት ንምዕባይ፡ ዋሕዚ ከም ናፍታን ተፈጥሮኣዊ ፈሳሲ ጋዝን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ቀረባት ጸዓት ንምርግጋጽ ጻዕርታት ክካይዱ ከም ዝተሰማምዑ ተገሊጹ።



ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣውስትራልያ፡ ንኣስታት ሓደ ሰሶ ናይቲ ሲንጋፖር ካብ ደገ ሸሚታ እተእትዎ ፈሳሲ ባህርያዊ ጋዝ ክትቀርብ እንከላ፡ ብኣንጻሩ ከኣ 26 ሚእታዊት ዝተጻረየ ኑዳዊ ካብታ ንእሽቶ ሃገር ትቕበል።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ ኣበይቶ | 11/04/2026 | መጨረሽታ ፊርማታ ኣውቶቡስ ዓዲ ኣበይቶ | 07114040 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565